# ሓዲስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 355 | 21 ነሓሰ | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ረቡዕ



ገጽ 3
ብዘዕባ ርእሰማልነት
ዘይገኑ 23 ሓቅታት





ገጽ 4
ቁሸታት ኢክስፖ



ገጽ 5
ነጋዜ

ገጽ 8
ኣመሪካ ናብ ኣርባዕተ
ሚልዮን ሰባት ዱታ ብሃከርስ
ተሰሪቑ



ገጽ 11
ተሰፉ ኣርሰናል ኣብ
ሻምፕዮንስ ሊግ




# መንእሰያት ህግደፍ ተቐማጦ ጆሃንስበርግን ከባቢኣን፡ ወፍሪ ሃገራዊ ልምዓት ንምድንፋዕ ኣበርቲዖም ከምዝጽዕሩ ኣረጋጊጾም

መንእሰያት ህግደፍ ተቐማጦ ጆሃንስበርግን ከባቢኣን - ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ዝተዳለ ወፍሪ ልምዓት ሃገር ንምዕዋት ኣበርቲዖም ከምዝጽዕሩ፣ ምስ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃን ኣቶ ሳልሕ ዑመር ኣብ ዘካየድዎ ርክብ ኣረጋጊጾም።

ኣብ'ቲ ብ15 ነሓሰ ዝተኻየደ ርክብ፡ ኣምባሳደር ሳልሕ፡ ንተሳተፍቲ ብዛዕባ ውዳብ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ ዕላማኡን ውጽኢቱን ኣብ ዝዀነ ኣስተምህሮ፣ ታሪኽ ኤርትራ ብቐንዱ ታሪኽ መንእሰይ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሕጂ'ውን ሓቦን ኒሕን ዓጢቑ ሃገር እትሓትዮ ኩሉ የበርክት ከምዘሎ፡ እዚ ድማ ዘሕብን ኤርትራዊ ክብሪ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

"ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ዘፍቅር፣ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ድማ ኩሉ ግዜ ወፋዩ'ዩ" ዝበለ ኣምባሳደር ሳልሕ፣ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ መንእሰያት ንዘጋጥሞም ብደሆታት መኪቶም፡ ከም ወትሩ ሓድነቶም ኣትሪሮም ኣብ ምዕቃብ ልኡላውነት ሃገርን ምድንፋዕ ሃገራዊ መደባትን ንዘጻወትዎ ተራ ብምምጓስ፣ መሳርዖም ኣስጢሞም ብንጥፈታትን ትዕግስትን ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ትምህርቲ፣ ባህሊ፣ ስፖርትን ካልእን ንጥፈታት ብጥርናፍ ዝካየዱ ንጥፈታት መንእሰያት ንኽሕይል፡ ምስ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ብምውህሃድ፡ ኣበርክቶኦም ከዛይዱ ምዃኖም ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፣ ንንጥፈታቶም እትመርሕ ሓዳስ ኣኪያዲት ኣካል ከምዝመረጹ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።



# ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ምውሓስ ጽሬት ከባቢ ልዑል ኣቓልቦ ተዋሂቡ ይስራሓሉ ከምዘሎ ተገሊጹ

ኣብ ኩለን ዓድታት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ጽሬት ከባቢ ንምውሓስ ብዝሓየለ መልክዑ ይስራሓሉ ከምዘሎ፡ ዝ. ድማ ሚኒስትሪ ጥዕና ቀጻሊ ምክትታልን ሞያዊ ሓገዛትን ከበርክት ምዃኑ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ኣሰፋው ጉብረሚካኤል ገሊጹ።

ምስ ነበርቲ ጊብዶ - ምምሕዳር ከባቢ ደባይሲማ - ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንከል ዝገበሮ ኣኼባ፡ ኣቶ ኣሰፋው፡ ጊብዶ ብዞባ ደረጃ መበል 33 ጽሬት ከባቢ ዘረጋገጸት ዓዲ ኮይና ምህላዋ ብምሕባር፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ኩለን ዓድታት ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ከባቢ ደባይሲማ ኣቶ ዓሊ ኣሕመድ፡ ህዝብን ሰራዊትን ኣብ ምስራሕ ሽቓ-ኣልቦ ዓይኒ-ምድሪ ዝርኣይዎ ምትሕብባርን ሚኒስትሪ ጥዕና ንዝገበረሎም ደገፍን ኣመስጊኑ።

ወኪል ሓላፊ ጨንፈር ከባቢያዊ ጥዕና ኣቶ ተኪኤ ኣብርሃ ብወገኑ፡ ህዝቢ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንከል ኣብ ምዕዋት ኮም ዝመርሖ ሓብራዊ ጽሬት ንንኡስ ዞባ ማእከል ደንከል ተኸቲሉ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ንዝበለጸ ውጽኢት እቲ ጻዕሪ ክቕጽል ተላብዩ።

ህዝቢ'ቲ ዞባ ኣብ ጽሬት ዘለዎ ኣመላኻኽታ ልዑል ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቦ-መንበር ባይቶ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ዓሊ-ኑር ዓሊ፣ እቲ ዕላማ ንኽውቃዕ፡ ህዝብን ኩለን ኣካላት መንግስትን ብውህደት ክሰርሓ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ነበርቲ ጊብዶ ኣብ ኮማዊ ንጥፈታት ጽሬት ብዘመዝገብዎ ዓወት፡ ካብ ኢድ ሓላፊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ሑመድ ሱር ዓሊ ወረቐት ምስክር ተቐቢሎም።

ጊብዶ፡ ካብ ከተማ ዓሰብ ንሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ ኣስታት 18 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

# ከረን፡ ስሉሳዊ ዝምድና ብምሕያል ንጥፈታት ትምህርቲ ንምድንፋዕ ኣብ ዘኽእል ዛዕባ ዘተ ተኻዪዱ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ስሉሳዊ ዝምድና ተመሃሮ፣ ወለድን መማህራንን ብምሕያል ንጥፈታት ትምህርቲ ንምድንፋዕ ተራ ወለዲ፡ መማህራንን ምምሕዳራትን ክዕዘዝ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ዘርኣዝጊ ዳዊት ምስ ኮሚተ ወለዲ፣ መማህራን፡ ኣቦላት ቤት-ምኽሪ ከተማን ዓበይቲ ዓድን ኣብ ዘካየዶ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ዘርግሐን ትሕተ-ቅርጻን ኣገልግሎት ትምህርቲ ብበጽሖቱ ምዕባለ የርኢ'ኳ እንተሎ እቲ ውጽኢት ግና ከምቲ ዝድለ ይስጉም ከምዘይለ ዝጠቐሰ ኣቶ ዘርኣዝጊ፡ ጸገማት ኣለሊኻ ንምእላዮም ኮሚተ ወለዲ ዝ. ብግቡእ ተገዚኦም ንምምሕያሹ ክጽዕሩ፡ ከምኡ'ውን ዝምድና ተመሃሮ፡ ወለድን መማህራንን ክዕዘዝ ኣተሓሳሰበ።

"ዝለና ርእሱማል ኣብ ሓንጎል ደቅና ምስ እነፍስስ፡ መጻኢና ብሩህ'ዩ" ዝበለ ኣቶ ዘርኣዝጊ፡ ነቲ ኩነታት ንምፍዋስ፡ ካብ ኣቦላት ቤት-ምኽሪ ከተማ ከረን፡ ህግደፍ፡ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ሃማማተኤን ሃማደኤን ሓዳስ ኮሚተ ከምዝቖመት ብምሕባር፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ስርሓ ክትጅምር ምዃና ኣብሪሁ።

እቲ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ምዃኑ ዝጠቐሰ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሓጎስ ኣድሓኖ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ 64 ትካላት ትምህርቲ ተኸፊተን ኣገልግሎት ይህባ ከምዘለዋ ብምሕባር፡ መሰረታዊ ፍታሕ ንምርግጋጽ፡ ስርዓት ትምህርትን ጉዳይ መሳብርቶ መማህራንን ዕቱብ ፍታሕ የድልዮ ከምዘሎ ኣስሚሩሉ።

# ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ፈስቲቫል፡ 11 ሃገራውያን ትካላት ፍርያተን የላልያ ኣለዋ

ቀጽሪ ኤክስፖ ኣኣንጊድዎ ኣብ ዘሎ ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ 11 ሃገራውያን ትካላት ዕማማተን ፍርያተንን የላልያ ኣለዋ።

እተን ብኣካልን ስእልን ፍርያተን ዘቕረባ ትካላት፡ ሽድሽተ ኣብ ዕደና ዝጦፉ ዝርከባኣን ኮይነን፡ ፋብሪካ መድሃኒት 'ኣዘል'፡ ፋብሪካ ስሬት ክዳውንቲ ሃዋሳይት፡ ፋብሪካ ምልፋዕ ቈርበት ኣስመራ፡ ትካላት ማዕድን ቢሻን ዛራን፡ ትካል ስራሓት ጽርግያ ኣስቤኮ፡ ትካል ማርሞ፡ ጃምቦ ግላስን ካልኦትን ከምዝጠቓለላ፡ ካብ ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ።

ንንጥፈታት'ተን ትካላት ካብ ዝተዓዘበ ኣቶ ሰዒድ እስማዒልን መንእሰይ ኣድያም ነጋሽን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እተን ትካላት ብዝዕባ ዘካይድኦ ስራሕን ፍርያተንን ምሉእ ኣፍልጦ ክረኽቡ ምኽኣሎም ከምዝሓጎሶም ጠቒሶም፡ ኣብ ምድንፋዕ ቁጠባ ሃገር ዝህልወን ተራ ቀሊል ከምዘይኮነ ሓቢሮም።

ካብ ትካል 'ኣዘል' ኣቶ ስምኦን ፍስሃየ፡ ከምኡ'ውን ካብ ፋብሪካ ምልፋዕ ቆርበት ኣስመራ መንእሰይ ሰምያ መሓመድን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ፍርያተን ጠለብት ሃገር ኣብ ምምላእ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ብምሕባር፡ ንፍርያተን ብዝምልከት ካብ ነጋድያን ዝረኸብዎ ርእይቶ ዘተባብዕ ምዃኑ ኣብሪሆም።

ኣብ ኣዋሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣቶ ዓብደልዋሰዕ ኢብራሂም ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ ኑተን ትካላትን ፍርያተንን ምስ ህዝቢ ምልላይ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ካልኦት ትካላት'ውን ብዙመሳሰሊ ፍርያተን ከምዛቕርባ ክግበር ምዃኑ ኣረዲኡ።



ስ/ሳልሕ ዓብደልቃድር

## ማእቶታዊ ወፈራታት፡ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ዘበርኽ ውጽኢታዊ ዕማም ምዃኑ፡ ነበርቲ ንኡስ ዞባ በሪኽ ገሊጾም

ማእቶታዊ ወፈራታት፡ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ዘበርኽን ዘደንፍዕን ውጽኢታዊ ዕማም ስለዝኾነ ብዝጸፈፈ ውዳበ ከምዝቕጽልዎ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ልምዓታዊ ንጥፈታት ተዋፊሮም ዘለዉ ነበርቲ ንኡስ ዞባ በሪኽ ገሊጾም።

ንሳቶም፡ ዓመታዊ ብጊንታታት ተወዲቦም ዘሰላስልዎ ዘለዉ ምፍዋስ ማይ ክዖታት፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምትካል ፈልሰታት ኣግራብን፡ ኣብ ባይታ ዝምስከሮን ወጽኢት ስለዝረኸቡሉ፡ ብዝበለጸ ክደፍኡሉ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

እቲ ዝተሳለጠ ዕማም፡ ፍግረ መሬት ኣብ ምክልኻልን ትሕተ-ባይታዊ ማይ ኣብ ምህብታምን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ዝገለጹ ኣካባቢ ቀሺት መምህር ሓጎስ ቀለታን ኣኪያዲ ስራሕ ጸዑዱክርስትያን ኣቶ ዳኒኤል ኣርኣያን፡ ዝካየድ ዘሎ ማእቶት ወጽኢት ሓያል ውዳበን ወህደትን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንወፋይ ተሳትፎ ህዝቢ መጒሶም።

ነቲ ስራሕ ዝከታተል ዘሎ ወከል ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ መንእሰይ ኣማኒኤል ጉብርሂወት ብወገኑ፡ በቲ ስራሕ ዛጊት 210 ሄክታር ከምእተዓመን 420 ሽሕ ፈልሲ ከምእተተኸለን ሓቢሩ።

ሓላፊ ቀጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ በሪኽ ኣቶ ክፍለማርያም ክፍለዝጊ ድማ፡ ነበርቲ 12 ምምሕዳራት ክቡበን 21 ዓድታትን ናይቲ ንኡስ ዞባ፡ ካብ መጀመርያ ወርሒ ጥሪ 2014 ጀሚሮም ብትግሃት ክሰርሑ ምጽንሖም ጠቒሱ፡ ኣብ ምሕላውን ምክንኻንን ዝተተኽለ ፈልሰታት ጸዕረታቶም ከሐይሉ ኣዘኻኺሩ።

## ነበርቲ ዓዲ-ቅያኖ፡ ዘለዎም ሕጽረት ማይ ንምፍታሕ ዝጀመርዎ ጻዕሪ ብዝሓየለ ውዳበ ክቕጽሉዎ ምዃኖም ኣረጋጊጾም

ነበርቲ ዓዲ-ቅያኖ - ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ ዓደም ዘጋጥም ዘሎ ሕጽረት ጽሩይ ዝስተ ማይ ንፍታሕ ኣበርቲያም ይሰርሑ ከምዝለው ሓቢሮም።

ንሳቶም ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ጉልበቶምን ገንዘቦምን ብምውህሃድ ብምሸገሪታት እናተሓገዙ ዝሰርሕዋ ዘለዉ ሓጻቢ ብዝተወፋይነት ብምቕጻል፡ ፍሪ ጻዕሮም ክርእዩ ዘለዎም እምነት ገሊጾም።

ካብ ነበርቲ ኣስመራ ተወለድቲ ዓዲ - ሌተናል ኮሎኔል ጉብሩ ጉብረንጉስን ኣቶ ተስፋይ ሃይለን ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ነዛ ሓጻቢ ዛጊት ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ከምእተገብረ ጠቒሶም፡ ተሪፍዋ ዘሎ ስርሓት ንምስልሳል ብዝሓየለ ክዓጥፉ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ነባሪ ዓዲ-ቅያኖ ኣቶ ፍስሃ ዘርኡ ብወገኑ፡ ንኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ'ቲ ከባቢ ሕጽረት ማይ ስለዘጋጠሞም፡ ካብ ታኽሲታን ዓዲ-ብናን ክሰትዩ ይግደዱ ከምዝነበሩ፡ እዚ ድማ ብፍላይ ንደቂ-ኣንስትዮ ከቢድ ጾር ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ እታ ኣብ መስርሕ ህንጻት ዘላ ሓጻቢ ድሮ ማይ ኣዕቍራ ብምህላዋ፡ ጸገሞም ከምእተፈትሐ ሓቢሮም።

ዓዲ-ቅያኖ፡ ካብ ሻኻ ወዲ-ብስራት ንሸነኽ ምዕራብ ኣስታት 6 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።


መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
ቊ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
ቊ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ. 200454-07121322

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብትኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ



## ክታበት ሮታ ቫይረስ

ሚ/ሪ ጥዕና ነቲ ብደረጃ ዓለም ጠንቂ ሕማምን ሞትን ብዙሓት ህጻናት ኮይኑ ዝጸንሐ ብሮታ ቫይረስ ዝመጽእ ወጽኣት ንምክልኻል ሓድሽ ክታበት - ክታበት ሮታ ክጅምር እዩ።

ክታበት ሮታ ቫይረስ ካብ ነሓሰ 14 2014 ጀሚሩ ኣብ ስሩዕ መደብ ክታበት ተኣታትዩ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና ክወሃብ እዩ።

- ክታበት ሮታ ንኸሎም ትሕቲ ሓደ ዓመት ህጻናት ይወሃብ።
- ክታበት ሮታ፡ ብሃጥቢ ኣብ ኣፍ ይወሰድ!
- ክታበት ሮታ ኣብ ክልተ ዙርያ ይወሃብ!

ስለዚ፡ ወለዲ ደቆም ኣብ ሽዱሽተ ሰሙን ዕድሚኦም ቀዳማይ ክታበት፡ ኣብ ዓሰራይ ሰሙኖም ድማ ካልኣይ ዙርያ ክታበት ኣብ ዝቐረቦም ትካል ጥዕና ብምኻድ ክኸትብዎም ሚ/ሪ ጥዕና ይጽውዕ።

ብሮታ ቫይረስ ዝስዕብ ሕማም ወጽኣት መከላኸሊኡ ክታበት ሮታ ጥራይ እዩ!

ሚ/ጥዕና





# ብዛዕባ ርእሰማልነት ዘይንገሩ 23 ሓቅታት

መጽሓፍ፡ ብዛዕባ ርእሰማልነት ዘይንገሩ 23 ሓቅታት (23 Things They Don't Tell You About Capitalism)፡ ብ ደቡብ ኮርያዊ ጸሓፊ መጽሓፍ 'Bad Samaritans' ሃ ጁን ቻንግ ዝተጻሕፈት'ያ። ኣብ ጥሪ 2012 ድማ ተዘርጊሓ። ቻንግ ኣብ መጽሓፉ ርእሰማላውያን ክሰዅዱና ዘይደልዩ 23 ዛዕባታት ብምቕላዕ ኣዝዩ ዓለማዊ ርእሰማልነት ብኸመይ ከምዝሰርሐ ተረዲኦም ዝበለጸ መልክዕ ንምትሓዙ ዘኽእሎም ፍልጠት ክዕጥቐ'ዩ ዝጽዕር። ኣጉዳስት ናይዛ መጽሓፍ ዕዙዝ ምኻኑ ብምእማን ድማ ጽሟቕ ትሕዝቶ ናባኹም ነብሎ። ሰናይ ንባብ።

<u>ሳልሳይ ክፋል</u>

ናጻ ዕዳጋ፡ ኣብ ባይታ ግብራዊ ከምዝይኮነ ዘረጋግጹ ጭብጦታት ሓደት ኣይኮኑን። ኣብ ርኹባት ሃገራት፡ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ካብ ዝኾነ ካልእ ረቛሒ.




እተን ሃገራት ኣብ ፍልሰት ዜጋታት ኣብ ዝገብራኦ ምቊጽጻር'ዩ ዝምርኮሶ። ንፍልሰት ብናጻ ዕዳጋ ሸቐለት ኣይኮናን ዝቈጻጸራኦ። ከምኡ ዓይነት መንገዲ እንተተኸፊተን 80-90 ሚእታዊት ካብ ደቀባት ሰራሕተኛታት ተሰዲዶም ብዘኣትዉ ሰራሕተኛታት ምተተክኡ። እቶም ስደተኛታት ዝሓተቱዎ ክፍሊት ሕሰር ኣብ ርእሲ ምኻኑ ኣፍረይቲ'ውን እዮም። ፍልሰት ዜጋታት ፖለቲካዊ ኢድ ኣለዎ። እዚ ካብ ኩሉ እቲ ሓቂ ደሞዝ ሰራሕተኛታት'ውን ብናጻ ዕዳጋ ዘይኮነ ብፖለቲካ'ዩ ዝድረት።

ኣብ 2008 ንዘተኸስተ ፋይናንስያዊ ቅልውላው ሰዒቡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ መጠን ወለድ ልቓሕ ክጉድል ተራእዩ እዩ። እዚ ተለቃሕቲ ንምትብባዕን ንምምኻኻን ዝተገበረ ኣይኮነን። ባንክታት ብፍቓደን መጠን ወለድ ክጉድላ ስለዘደለያ'ውን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ መጠን ወለድ ብምጉዳል ነቲ ዘሎ ሓጥ ኣሉ ዝበረ ተለቃሒ ንምብርባር ዝተሓርየ ፖለቲካዊ ውሳነ'ዩ። ኣብ ንቡር ግዜ'ውን እንተኾነ መጠን ወለድ ብማእከላይ ባንክ'ዩ ዝውሰን። ማእከላይ ባንክ ድማ ምስ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ሃገራት ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ። በዚ ድማ መጠን ወለድ ምውሳኽ ወይ ምጉዳል ፖለቲካዊ ውሳኔ ይኸውን። ደሞዝን መጠን ወለድን ብፖለቲካዊ ዓይነ ተራእዩ ዝውሰን ካብ ኮነ፡ ከሉም ካልኦት ዋጋታት'ውን ብፖለቲካ'የም ዝውሰኑ። ምኽንያቱ ደሞዝን መጠን ወለድን ንኹሉም ዓይነት ዋጋታት ይጸልወዎም'የም።

## ናጻ ዕዳጋ ርትዓዊ ድዩ?

ኣብ ናጻ ዕዳጋ መምርሒታት ክርኣዩና ዝጅምሩ ነቲ ዝተኸወለ ሞራላዊ ክብሪ ምስ ዘይንድግፍ'ዩ። ኣብ መበል 19 ዘመን ፌደራላዊ መንግስቲ ኣመሪካ መጠን ግዝኣ ምስ ኣዘዩ ብዙሓት ወሃንቲ ኣፍሪቃውያን ገላዩ ኣቑጠሪ'ዩ። ግዝኣ ምውሳኹ ጌጋ ኩይኑ ክስምዓም ከሎ፡ ሰባት ከም ኣቕሓ ክሽየጡን ክልወጡን ግን ጌጋ ኩይኑ ኣይተራእየምን። እቶም ሰባት ክውሕሱ ይኽእሉ'የም ኢሎም ዝኣምኑ ንግዲ ወዲሰብ ንኽይክልከል ይቃወሙ። እዚ ልክዕ ከምቲ ኣብ ኣቑሑ ንዘዋበር ቀይድታት ዘርእዩዎ ተቓውሞ ማለት'ዩ። እቲ መንፈስ ግን በይኑ'ዩ። እዚ ናይ ክብረታት ረጽሚ ኣብቲ ኣብ መንጎ ናጻ ንግድን ርትዓዊ ንግድን ዝዋበር ክትዕ ዘወድቖ'ዩ። ብዙሓት ኣመሪካውያን፡ "ቻይና እተካይዶ ንግዳዊ ንጥፈታት ናጻ'ዩ ርትዓዊ ግን ኣይኮነን በሃልቲ'የም።" ብመሰረት ኣረዳድኣኦም፡ ቻይና ንሸቐለት ኣብ ዘይምቹእ ኩነታት፡ ውሑድ ደሞዝ እናኸፈለት ኣብ ቀጠባ ዓለም ምውድዳራ ርትዓዊ ኣይኮነን። ቻይናውያን ከኣ ክምልሱሉ ከለዉ፡ "ሃብታማት ሃገራት 'ናጻ ዕዳጋ' ኢለን እናዘመራ፡ ቻይና ኣብ እትልእኮም ኣቑሑ ዓንቀጽቲ ኩይኑ ክቕርባ ቅቡል ኣይኮነን።" ይብሉ። ነቲ እንኮ ብዝዘለለ መጠን ክረኽቡዎ ዝኽእሉ ሕሱር ጉልበት ንኸየስርሑ ንምዕንቃፍ ክፍተን ፍትሓዊ ከምዘይኮነ ድማ የረድኡ።

ግደ ሓቂ ኣዚ ዘሎ ገሪሕ ጋግ ቀጠባዊ ምዕባሌ "እዚ ኣዝዩ ውሑድ ደሞዝ'ዩ፡ እዚ ከኣ ዘይምቹእ ኩነታት ስራሕ'ዩ።" እናበልካ ሓደ ውድዓዊ መለክዒ ክወሃብ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ኣመሪካ ካብ ጥሜት ዘዕሪፍል ክፍሊት ኣብ ቻይና ዘወናውን ኣብ ህንዲ ከኣ ጸጋ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ ኣብዘን ሃገራት ደሞዝ ሰራሕተኛታት ኣዝዩ ውሑድ ሚእታዊት ናይቲ ተራ ሰራሕተኛ ኣብ ኣመሪካ ዝኽፈሎ'ዩ። ኩይኑ ግና ደረጃ መነባብሮን መጠን ኣህላኽነትን'ውን ምስ እትረኽቦ ደሞዝ ተሳኒዩ ዝኸይድ'ዩ። እቶም ኣብ ርትዓዊ ንግዲ ዝኣምኑ ኣመሪካውያን፡ ኣብ ሕማቕ ኩነታትን ብውሑድ ክፍሊትን ዝሰርሑ ኣቑሑ ናብ ዕዳጋ ወሪዱ ክወዳደር ፍትሓዊ ኣይኮነን ኢሎም ካብ ኣመሪካ ኣቡሓሳንታቶም ኣብ ሕማቕ ኩነታት ንዊሕ ሰዓታት እናሰርሑ ዘፍረዩዎ ኣቑሑ ክዕድጉ ኣይኸበሮምን። ክሳብ መጀመርታ መበል 20ክ/ዘመን፡ ኣመሪካውያን ብዝምጋም ኣብ ሰሙን 60 ሰዓት ይሰርሑ ነይሮም። ኣብቲ ግዜ'ቲ (1905) ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣመሪካ፡ ካብ ቅዋም ወጻኢ ኑዩም ኣብ እንዳፎርና ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ሰዓታቶም ናብ 10 ከምዝሕጸር ዝገበር ሕጊ ኣጽደቑ። ኣሰራሒ ምስ ሰራሕተኛ ተሰማሚዑ ባህ ዝበሎ ሰዓታት ናይ ምስራሕ መሰሉ ይኽልከል ኣሎ ማለት'ዩ። ስለዚ ብዛዕባ ርትዓዊ ንግዲ ዝገበር ክትዕ ብቑንዱ ብዛዕባ ሞራላዊ ክብሪን ፖለቲካዊ ውሳኔን ደኣ'ምበር ብዛዕባ ቀጠባ ኣይኮነን። ብዛዕባ ቀጠባ እንተኾነ'ውን ሓደ ናይ ቀጠባ ኣጸዋርር ዝዓጠቐ ኣይኮነን ዝመርሖ ወይ ዝፈልዮ።

ኣብ ነሓሰ 2008 ፋይናንስያዊ ስርዓት ኣመሪካ ኣብ ዝመከሉ ዝበረ እዋን፡ እታ ሃገር 200 ቢልዮን ዶላር ብምስላዕ ንኽልተ ኮርፖረሽናት ናብ ሃገራዊ ሃብቲ ኣሰጋገረተን። ኣባል ባይቶ ሪፓብሊካን ጂም ቢኒንግ "እዚ ፍጻመ ኣብ ማሕበርነታዊ ስርዓት ዝኸተላ ሃገራት ከም በዓል ፈረንሳ ጥራይ ዝርአ'ዩ።" ክብል'ዩ ዝገለጹ። ፈረንሳ ንባዕላ ኣብዚ እዋን ኣብ ሕማቕ ኩነታት'ያ ዝበረት። እንተኾነ ኣመሪካ'ውን ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ወደቐት። ሻቡ ብዘወጸ መደብ ድማ እታ ሃገር 700 ቢልዮን ዶላር ኮርፖርሽናት ኣብ ምዕዳግ ኣውዓለቶ። ባራክ ኦባማ ብዛዕባ'ዚ ክገልጽ ከሎ፡ "እቲ መደብ ከም ናይ ሓንቲ ማሕበርነታዊት ሃገር ዘይኮነ፡ መቐጸልታ ማስርሕ ናጻ ቀጠባዊ ስርዓት ኣመሪካ'ዩ" ይብል። መንግስቲ ኣጉዳሲ ኩይኑ ኣብ ዝተሰምዖ እዋን ጣልቃ ክኣቱ ከምዝኽእል ከኣ ይገልጽ። እቲ ኣጉዳሲ እዋን ዝበሃል ንጹር ኣይኮነን። ብኣጠማምታ ኦባማ ግና ሓደ ግዜ ብሕታዊ ፋይናንስያዊ ጸላት፡ ናብ መንግስቲ ምእታው ኣድላዪ ምኻኑ'ዩ። እዚ ኣመሪካ ጣልቃ ብምእታው ኣብ ዘፍሰሶ ገንዘብ፡ ኣብ ታሪኽ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ጣልቃ ምእታው'ኳ እንተኾኑ "ንቡር ማስርሕ ዕዳጋ'ዩ።" ተባሂሉ'ዩ ተሸፊኑ ሓሊፉ። መዓስ'ዩ ጣልቃ ከምትኣቱ ዘረድእ ወሱን ስፍልጠታዊ ደረት የለን።

ታሪኽ ርእሰማልነት ከምዘረድኦ ናጻ ዕዳጋ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ኣብ ቀጻሊ ቃልሲ'ዩ ጸኒሑ። ብዙሓት ኣብዚ እዋን ካብቲ ዕዳጋ ወጻኦም ዝርከቡ ንጥፈታት ብፖለቲካዊ ውሳነ ደኣ'ምበር ብናይ ዕዳጋ ማስርሕ ኣይኮኑን። ናይ መንግስቲ ስራሕ፡ ደሞዝ፡ ምርጫ፡ ሕጋዊ ውሳኔታት፡ ደረጃ ብቕዓቶም ዘይተረጋገጸ መድሃኒታትን ወዲ ሰብ ንባዕሉን ኣካል ናጻ ዕዳጋ'የም ነይሮም። ገና ሕጂ'ውን ንገለ ካብኣቶም ኣብ ዕዳጋ ንምውራድ ይፍተን'ዩ። ምስ ግዜ ኣብ ንግዲ ኣቑሑ ብዙሕ ገደባት እናተገበረ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። መን? እንታይ? ብኸመይ የፍርን ብኸመይ ይሸይጥን ቀይድታት ክግበረሉ ጸኒሑ'ዩ።




ደረት ናጻ ዕዳጋ ንጹር ኣይኮነን። ቀጠባ ስፍልጠት ከም ናይ ፊዚክስ ወይ ኬሚስትሪ ስፍልጠት ኣይኮነን። ፖለቲካዊ ንጥፈት'ዩ። ስዑቀጠባውያን ናጻ ዕዳጋ፡ እቲ ቅኑዕ ደረት ናጻ ዕዳጋ ብስፍልጠታዊ መንገዲ ክውሰን ይከኣል'ዩ ኢልና ክንኣምን ይደልዩ ይኾኑ። እዚ ግን ቅኑዕ ኣይኮነን።

2. ኩባንያታት ንረብሓ ወሃንተን ክሰርሓ የብለንን


እቲ ዝነገሩ–

ኩባንያታት ብወሃንቲ ብርኽታት'የን ዝውነና። ስለዝኾኑ ኩባንያታት ንረብሓታተን ክንቀሳቐሳ ኣለወን። ወሃንቲ ብርኪ ብጽሒቶም ካብ ለጠቕ ዝብል'ዩ። እቶም ካልኦት ግን ንኣብነት ሰራሕተኛታት ደሞዞም ፍሉጥ'ዩ። ኣታዊታት ወሃንቲ ብርኪ ምስ ኣድማዕነትን እቶትን ትካሎም'ዩ ዝኸይድ። እዚ ድማ እታ ኩባንያ ብምሉእ ዓቕማ ንኽሰርሑዋ ዝያዳ ንኽጽዕቱን ድፍኢት ይኾኖም። እታ ኩባንያ እንተጠፍኣ ወሃንቲ ብርኪ ምስኣ'የም ዝጠፍኡ። እቶም ካልኦት (ሰራሕተኛታት፡ ኣቕረብቲ...) ግን እንተኸፍኣ ጥራይ ኢደም ኣይከዱን'የም። ስለዚ እዞም ወሃንቲ ብርኪ ዘይከምቶም ካልኦት ተዋሳእቲ ነቲ ሰሪሖት ባዕሎም'የም ዝቖጻጸርዎ። ሓደ ብወሃንቲ ብርኪ ዝውነን ኩባንያ እንተዓብዩ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ሓፋሽ ኣበርክቶ ኣለዎ።

እቲ ዘይነገሩ–

ወሃንቲ ብርኪ ንሓደ ኮርፖረሽን ክውንኑዎ ይኽእሉ'የም። እንተኾኑ እቲ ኮርፖረሽን ኣብ ናይ ነዊሕ መጻኢ ክጸሓ ብዛዕባ ዘለዎ ደረጃ ምዕባለ ውሑድ ተገዳስነት'ዩ ዘለዎም። ምናልባት እቲ ኮርፖረሽን ኣዝዩ ዓብን ንምሻጡ ዘጸግሞን እንተኾይኑ ግን ክገደሱ ይኽእሉ። ስለዝኾነ ወሃንቲ ብርኪ ብፍላይ ድማ ወሃንቲ ንኣሽቱ ኩባንያታት ናይ ሓጺር መጻኢ መኽሰብ ከኻዕብዑሉ ዝኽእሉ ስትራተጂ'የም ዝሕንጽጹ። እዚ ድማ ብዋጋ ናይ ነዊሕ መጻኢ ወፍሪ'ዩ። ብጽሒቶም ንምዝፋፍ ጥራይ ስለዝሰርሑ ከኣ ንመጻኢ ነቲ ዘውንኑዎ ኩባንያ ወፍሪ ብምግባር ንኽዐቢ ዝኽእለን ገንዘብ የለን። ናይ ነዊሕ መጻኢ ገሲጋስ ናይታ ኩባንያ በዚ ይዳኸም።

ይቕጽል



## ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን

# ቁሸታት ኤክስፖ

የማነ ሃይለ



ኩበርታት ህዝባዊ ግንባር ንጸላኢ ብዑበረቱ፡ ብጥይቱ ብንብረቱ፣ ርእሶኻ ምኽኣልን ብጺጋኻ ምንባርን፣ ዓያይነትን ኣፍራይነትን፡ ተወፋይነትን ብጻይነትን እዩ። እዚ ኩበርታት'ዚ ናብቲ ንኣብ ወለዶ፡ ብቐንዱ ከኣ ናብ ህጻናት ክሰግር ከምዝለዎ ዘማትእ ኣይኮነን። እቲ መሰርሒ ምስግጋር ንዘተወሰኑ ኣካላት ጥራይ ዝግደፍ ዘይኮነ፡ ብዓቢኡ ሓላፍነት ሕብረተሰብ ኤርትራ እዩ። ፈስቲቫላትና ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ናቱ እጃም ስለዘለዎ ግን፡ ንሎሚ ኣብ ናይ ሎምዘበን ፈስቲቫል ቀሪቡ ንዘሎ ቁሸት ተጋደልትን ማእከል ትምህርትን ዳህሳስን ቈልዑን ክንድህስስ ኢና።

ቁሸት ተጋደልቲ ብምትሕብባር ማሕበራት ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ተዳልዩ ዝቐርብ ኮይኑ፡ ታሪኽ ኣብ ምዕቃብን ምትሕልላፍን ኣብ ምዕቃብን ምትሕልላፍን ዓቢ ኣበርክቶ ዘለዎ እዩ። ኣብ ፈስቲቫል ሎምዘበን፡ ምስቲ "ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን" ዝብል መሪሕ ቴማ ብምትእስሳር፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ባህላዊ መዳይ ዝካየድ ዝነበረ ንጥፈታት ዘንጸባርቕ ምርኢት ተዳልዩ ኣሎ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝነበረ መሳርሒታት ባህሊ፡ ዝቐርብ ዝነበረ ደርፍታትን ድራማታትን፡ ንባህላዊ ንጥፈታት ዝምልከት ሰነዳት (መጽሄታት፡ ማንዋላት፡ መጻሕፍቲ . . .) ኣብ ባህልን መነባብሮን ብሄራት ኤርትራ ኣተኩሩ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ናይ ሬድዮ ድራማታት፡ ንውድድርን ኅስጓስን ዝቐርብ ዝነበረ ጽሑፋትን ስእልታትን፡ ዝተተርጎሙ መጻሕፍትን ካልእን ብምድህሳስ ንምርኢት የቕርብ ኣሎ።

ኣብ ዝርዝር ምስእንኣቱ፡ ብማሕበራት ክፍላተ ሰራዊት ነበር 61፡ 70፡ 16 ተጋደልቲ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት - ጉዕዞ፡ ኣኼባታት፡ ባህላዊ ምርኢታትን ምዝንጋዕን እንክለዉ ዘርኢ ስእልታት፡ ዕጥቅን ኣልባሳትን ተጋደልትን ካልእን ክቐርብ እንከሎ፡ ብማሕበር ምትሕግጋዝ ጀማሂር ድማ፡ ኣብ ምዕጣቕ፡ ምንቃሕን ምውዳብን ንዝካየድ ዝነበረ ስርሓት ዝገልጽ፡ ማሕበራዊ መጽናዕትን ካልእን ቀሪቡ ኣሎ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ንታሪኽን ኣመዓብብላን መጓዓዝያ ኣብ ሜዳ ዘርኢ ስእልታትን ሰነዳትን ብክፍሊ መጓዓዝያ ነበር፡ ኣባላት ኮማንዶ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስግረ ዶብ ተልእኾታት - ሶማል፡ ኢትዮጵያ (ኣሶሳ) - እንከለዉ ዘርኢ ኣሳእል ድማ ብማሕበር ምትሕግጋዝ ኮማንዶ ነበር ንምርኢት ተዘርጊሖ ይርከብ። ክፍሊ ዕጥቅን ስንቅን እውን ናቱ ትሕዝቶ ሒዙ ቀሪቡ ኣሎ። ቁሸት ገድሊ ብዙሓት በጻሕቲ ይነግድዎ ኣለዉ። እቲ ዝያዳ ዝምስጥ ግን፡ ቈልዑ ንስድርኦምን ሐዞምዎም ንዝመጹ ሰባትን፡ እንተላይ ኑቶም ኣዳለውቲ ብዝዕባ'ቲ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ ብልዑል ተገዳስነት ክሓቱ ክትርኢ እንከለኻ እዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ማእከል ትምህርትን ዳህሳስን ቈልዑ (ቁሸት ቈልዑ)፡ ምስ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስቲ - ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ካልኦትን - ብምትሕብባር ዝተዳለወ መደብ ኮይኑ፡ ንህዝቢ ብሓፈሻ ንቈልዑን መንእሰያትን ድማ ብፍላይ ዝምህሩን ዘዘናግዑን ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ቀሪቡ ኣሎ። ቈልዑ ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ተሓጊዞም፡ ብዳህሳስ ክመሃሩ፡ ወለዲ ንደቆም ቡቶም ዝተለምዱ መሳርሒታት ከመይ ገይሮም ክምህሩን ንገዛእ ርእሶም ክዘናግዑን ከምዝኽእሉ ዘረድእ ሓያሎ ምርኢታት ተዳልዩ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ምስ ትሕዝቶ ሃብቲ ባሕሪ ዘላሊ፡ ጥዕና ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ጥዕና ኣደን ህጻንን ድማ ብፍላይ ንምውሓስ ዝተሰላሰሉ ስርሓትን ዝተበጽሑ ምዕባለታትን ዝሕብር፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ዝዕመም ዘሎ ከበድቲ ስርሓትን ውጽኢቱን ዘረድእ፡ ንመስርሒ ምምሃርን ምስትምሃርን ምስ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣዛሚድካ ንምርኣይ ዝሕግዘን ካልእን ኣገዳሲ ምርኢታት ኣብዚ ቁሸት'ዚ ቀሪቡ ኣሎ።

"እቶም ንሕሉፍ ግዜ ዘርድኡ፡ መጻኢ እንታይ ከምዝመስል ይወስኑዎ" ከምዝበሃል፡ ህጻናት ቅርጻን ሕብርን መጻኢ ክወስኑ እንተኾይኖም፡ ኑቲ ሕሉፍ ብግቡእ ክርድእዎ ኣለዎም። ንሕሉፍ ክርድኡ እንተኾይኖም ከኣ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ እምነትን ርእሰ-ምትእምማንን ክንሃንጸሎም ኣለና። ቈልዑ ግን ቅድሚ ኩሉ ዘሰርዕዎ ጉዳይ ጸወታ እዩ። ስለዚ፡ ኩሉ ንምህናጾም ዝግበር ትምህርትን ጻዕርን ኣብ መንነ ጸወታ እናተሰነኸዐ እንተደኣ ተዋሂብዎም ዝያዳ ወጽኢታዊ ይኸውን። ስለዚ፡ እዘን እንቕርበሎም መጻወቲታት እግረ መንገደን ንኣሽቱ-ንኣሽቱ ነገራት እናመሃርኦም ዝኸዳ ክኾና ጽቡቕ እዩ።

እቲ ክኹስኮሱን ክወርስዎን እንደልዮም ኩበርታትን መንነትን እውን፡ ኣብቲ ዝጻወትሉ ነገራት ክረኽብዎ ክኽእሉ ኣለዎም። ወግሐ ጸብሐ ኣብ መጻወቲኡ ክተናኽፎ ንጸንሐ ነገራት ኮፍ ኣቢልካ ኩተረድኦ እንከለኻ፡ ቀልጢፉ ደርድኦ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓላፍነቱ ከልዕል ንኽጀምር እውን ኣገዚዩ እዩ ዝሕግዞ፡ ምኽንያቱ፡ ኣጸቢቑ ስለዝርድኦ። ስለዚ፡ እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ስራሕ ኣገዳሲ ግርም እዩ። ኣብ መጻኢ ግን፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ዝያዳ እናረቐቐን እናዓመቐን ክኸይድ ኣለዎ - ክልቲኡ፥ እቲ ትሕዝቶን እቲ ኣቀራርባን።

ቁሸት ገድሊ እውን እንተኾነ፡ ዋላ'ኳ ኣብዚ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ዘቕረቦ ትሕዝቶ ዘይቃለል እንተኾነ፡ ኑቲ ገድሊ ዘርከበሉ ብዙሓት በጻሕቲ ከምዝለዉዎን ከምዝህልዉዎን ኣብ ግምት ኣእቲዩ፡ ብዝሰፍሐ ውዳበ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይቲ ቃልሲ ንዝነበረ ህይወት ከንጸባርቕ'ሞ፡ ኩበርታትን ጉዕዞን ናይቲ ቃልሲ ናብቶም ናይ ጽባሕ ተረከብቲ ከመሓላልፍ ትጽቢት ብዙሓት እዩ። ሽዑ ድማ ኢና፡ ፈስቲቫል "ብዙሕነት ዝሰረቱ ባህልና፡ ሃገራዊ ስሒትናን ፍቕርናን፡ ታሪኽናን ኣካብብራናን፡ ስሙር ጻዕርናን ሓባራዊ ራእይናን፡ ትሰፋው መጻኢናን እንኩልሓሉ ኣገዳሲ መድረኽ" ክንብሎ እንኽእል።



ስ/ሳልሕ



# ሩፍታ

መንሱር ናፍዕ

## ኑዛዜ



ኣቡቲ ዛሕሊ ዝወደቐ ረፍዲ ጠሊ ተዛሚድዎ ሰማይ ግመ ተኸዲኑ ይርአ። ናብ ሰንበት ዘውግሐ ለይቲ ልክዕ ሰዓት ሓሙሽተ ነበረ። ኣዕኑድ መብራህቲ ንጽርግያታት ኣስመራ ብብርሃኖም ፍሉይ ጽባቐ ፈጢሮምሉ ነበሩ። ኣቡቲ ወጋሕታ ንቤት ጸሎት ዝንቀሳቐሱ ምእመናን፡ ብሰረገላ ጸባን ኣሕምልትን ዘመላልሱ ሽቃጦ፡ ስሕት ኢለን ድማ መኪይን ክሓልፋ ይርኣያ ነበራ። ኣነ'ውን ጸባ ከመላልስ ብእዋኑ'የ ካብ ገዛይ ዝነቐልኩ። ንከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ ሓሊፈ ንባንኪ ደም ኣብ ዝበጽሕኩሉ ግዜ ግና ነእዛነይ ዘይተጸበኽዎ ድምጺ ኳሕኩሖ።

ኣብ ብሸክለታይ ወሪደ ናብቲ ድምጺ ዝሰማዕክሉ ቦታ ሰጒምኩ። ንኣዒንተይ ድማ ምስሊ ጓል ሂዋን ተቐበሎ። እታ ጎርዞ ካብ ከባቢ ሰለፉ ዝይሓልፍ ንንፋስን ቁርን ዘቃልዕ ዝተቐደደ ክዳን ለቢሳ ነበረት። ምስቲ ዝነበረ ዛሕሊ ከምኡ ዓይነት ክዳን ብምኽዳና እናኣገረመኒ'የ ድማ ዝቐረብክዋ።

ናብታ ኣብ ከባቢ 20ታት እትርከብ ጎርዞ ምስ ቀረብኩ፡ ኣብ ኣዒንታ ተሃሪማ ሓቢጡ ከም ዘሎ ኣስተብሃልኩ። ኩነታታ ድማ እምብዛ ኣጠራጠረኒ። ተዓኒደ'ውን ጠመትክዋ። ኣብ ትዕዝብቲ ሰጢመሉ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ ድማ'ያ ክትዛረብ ዘቐለበኩላ። ፍረ ዘረባኣ ብንጹር'ኳ እንተዘይሓዝክዎ ሓገዝ ትደሊ ምንባራ ግና ኣይሰሓትክዎን። "ዝሓወይ ጃኬትካ'ባ ሃበኒ?" ተዳህዮትኒ። ነገራታ ገሪሙኒ። ክሳብ ሽዑ መጥመሪ ዝሰኣንኩሉ ሓሳባት'የ ዘውርድን ዘደይብን ዝነበርኩ። ኖቲ ብሰንኪ ምቅዳድ ዝዓረቐ ክዳና መሸፈኒ'ያ ተናዲ ኔራ። ካቡቲ ምሒር ዛሕሊ ከገላግላ ድማ ጃኬተይ ኣውጺኤ ሃብክዋ። ገለ ሕቶታት ከውሕዘላ ድማ ልሳነይ ሰሓልኩ። ግና ንሳ ደኣ ቀደመትኒ። "ገዛ እባ ኣብጽሓኒ።" ደጋጊማ ተማሕጸነትኒ። ገዝኣ ዘይፈልጦ ክንሰይ ከም ዝፈልጦ ኣምሲላ ከይተሰከፈትን ከይተጠራጠረትን ምዝራባ ከየደንጸወኒ ኣይተረፈን። ድሕሪ ቅሩብ ደቓይቕ ንዝሃብክዋ ጃኬት ተኸዲና ናባይ ቀረበት። ሽዑ'የ ድማ ጫማ'ውን ከምዘይብላ ዘስተብሃልኩ። ነገራታ መመሊሱ እናገረመኒ ከደ። 'ክሳብ'ዚ እዋን ንበይና ኣበይ ጸኒሓ ትብሃል? ሰራሕዶ ትኸውን?' ባዕለይ ንዘበገስክዎ ሕቶ ባዕለይ ክምልስ እናፈተንኩ ንዝወደቐ ዛሕሊ ተጻዊረ ከባቢ ገዛኣ በጻሕኩ። ብሸክለታ እናደፋእኩ ክሳብ ገዛኣ ምሳኣ ተጓዓዝኩ። ኣብራኺይ ረሸሽ ክሳብ ዝብለኒ'የ ኮይኑ። ግን ብዝፈጸምክዎ ሓገዝ ባህታ ወሪሩኒ'ዩ ዝነበረ። ክሰናበታ ኢደይ ኣብ ዝዘርጋሕሉ እዋን ድማ'ያ ንገዛኣ ክኣቱ ከም ዘለኒ ዝሓበረትኒ። ዘረብኣ ዋላ'ኳ እንተዘይጸላእክዎ ወጋሕታ ብምዃኑን ተሃዊኸ ብምንባረይን ክኸይድ ደኣ ደለኹ። ተግባረይ ብኻልእ ከይትርድኦ ግና ሸቑረራይ ሰማይ ዓረገ።

"ደሓን ክኸይድ" በልክዋ ገጸይ ጠውየ። ብኢደይ ሒዛ፡ "ሓደ መዓልቲ ክጎብዞካ'የ ቴለፎንካ ሃበኒ" በለትኒ ከይርሕቓ እናተሃወኸት። ንገለ ደቓይቕ ቀው ኢለ ድሕሪ ምጥማታ ቴለፎነይ ሂበ ብቖጸራ ተፈላለና።

***

መዓልትን ለይትን ከይጸዋዕካዮም ይመጹ ከምዝበሃል ከይተረድኣኒ'የ መዓልቲ ቖጸራ ዘርከበኒ። ዋላ'ኳ ተረቢጸ እንተነበርኩ ምስ ተራኺብና ንዕላል ዘዋደድክዎም ቃላት ስለ ዘይነበረኒ ግና ከቢዱኒ ነበረ።

ብሃታሃታ'የ ናብ ቦታ ቆጸራ በጺሔ። ንዝተፈራረቐ ሓሳባተይ መዕለቢ መታን ከናድየሉ ኣብቲ ጽምዋ ዝዓሰሎ ካፈ ኣትየ ተቐመጥኩ። እታ ዝተላለኽዋ ጎርዞ ክሳብ ትመጽእ ተሃንጥየ ጉዳይ ምምዕዳወይ ኣሰላሰልኩ።

ኣብ ሓሳብ ጥሒለ ከለኹ በዚ መጺኣ ከይበልክዋ ህሩግ በለትኒ። ብመጠኑ ሰንቢደ'ኳ እንተነበርኩ ሰንባደይ ቀቢረ ሰላምታ ለገስኩላ። ተኸዲናቶ ዝነበረት ሰማያዊ ዝሕብሩ ቦዲን ጸሊም ታይትን ምስ ኑብሳ ሰጢሙ ንኣዒንተይ ተምሳጥ ፈጢሩለይ። ውልዶ ፍረ ገጻ፡ ቀይሕ ሕብሪ ዝተለኸየ ሳሱላ ዝመስል ዘወናውን ከናፍራ፡ ባህታ ወርዊሩ ንልቢ ዝሰልብ ነበረ።

ኣቐዲምና ብተሌፎን ሌላ መስሪትና ብምንባርና ናብ ዕላል ክንኣቱ ኣይደንጎናን። ኣቡቲ ፋልማይ ቆጸራና ኣፍካ ተኸድን ኮይና ኣይረኸብክዋን። ጸጺሒካ ብእተውሕዞም ዋዛታት ቀልጢፋ ክትሰማማዓንን ክትወሃሃደንን ዘጸግማ ኣይነበረን። ኣቡቲ ፊትንፊት ዘጠማምተና ምዕሩግ ጣውላ ዝተወልዐት ሽምዓ ብምርኻብና ምስ ዕላልና ተላፊኑ ፍቑራት መሲልና ነበርና።

"ሄለን ተመርዒኺዶ?" ሃንደበት'የ ካቡቲ ዝነበርናዮ ስጡም ዕላል ኣመንጭዩ ሕቶ ዝደርበኹላ። ዝገረማ ክትመስል'ውን ቀው ኢላ ድሕሪ ምጥማት፡

"ጾናይ መርዓ ኢኻ?" በለት ገጻ ጸዊጋ ሃንደበት ዝኾና ብዝመስል ኣጠማምታ።

"ክንደይ መርዓ ደዩ ዘሎ?" መልሳ ስለ ዝገረመኒ ኣዒንተይ ተኸልኩላ።

"ኣይግረምካ! ብኣፍ ደኣ ክልተ። ናይ ቁም ነገርን ናይ ምሽትን ከኣ ይብሃሉ" በለትኒ ቅጭ ከይበላን ከይተሰከፈትን።

ዋሕዚ ሓሳባታ መሰፈሪ ሰኣንክሉ። ከምዚ'ኸ ኣሎ ድዩ ወደይ? ምስ ኑብሰይ ሃወተትኩ። ንዓይ'ዩ ኣሰደሚሙኒ እምበር ንዓኣስ ንቡር'ዩ ዝመስል ዝነበረ።

"ኣየናይከ ይሓይሽ ትብሊ?"

"እንታይ መልሲ ደሊኻሉ ደኣ? ናይ ቁም ነገር እምበር።"

"እሞ ኣይተመርዓኽን ማለት ድዩ?"

"ፈቲነ'ዩ ዝበሃል!" ቁልዕጽዕጽ እናበለት መለሰትለይ። ዘይህከየካ እንተኾይኑ ኣሕጽር ኣቢለ ታሪኸይ ክጸውየካ እኽል'የ" በለትኒ።

"ወሸለ!" እዝነይ ጸልየ ተዳለኹ።

"ኣብ ጎረቤት ሃገር'የ ተወሊደ። ኣብኡ ተማሂረ ኣብዚ ድማ ቀጺለዮ። ቦኽሪ ገዛ ኮይነ ብድሕረይ ዝውለዱ ክልተ ኣወዳትን ሓንቲ ጓልን ኣሕዋት ኣለዉኒ። ገዛና ድማ ኣብታ ዝረኣኻ'ያ እያ።"

"ትምህርቲ'ኸ ወዲእኪዶ?"

"ኖእ ኣይወዳእኩን! ኣቋሪጸዮ እምበር" ከናፍራ ረማጠጠት።

"ኢሂ!"

"ክትምርዓዊ ምስ ተብሃልኩ ኣይቀጸልኩን።" ግንባራ እናደረዘት ዛንትኣ ቀጸለት።

"ጓል ክንደይ ዓመት ኔርኪ?"

"ጓል 17 ዓመት እኽውን። ምስ ሓደ ኣብ ደገ ዝመጸ ኢብራሂም ዝተባህለ እሕጸየልካ። ፈለማ ባህ ኣይበለንን እንተበልክዎም ግዴታ ትምርዓውዮ ኢሎም ኣገዲዶም'ዮም ኣሕጺዮምኒ።" ዝሓለፈ ከም ዝዘከረት ዝን በለት።

"ሽዑ'ኸ?" ንዝተረበጸ ልበይ ከዐንግል ሓተትኩዋ።

"ሽዑ ደኣ ኣይ ሰሙን ኣይሳልሰቲ ከዛውራ ኢሉ ንሰድራይ ኣፍቂዱ ንባጽዕ ንኺደልካ።"

"ገዛኹም ኣይተቓወሙን?" ብተመስጦ ሓተትኩ።

"ኣየ ንሰኻ ንሶም ደኣ ብገንዘብ ዓዊሮም እንድዮም! ከም ዘይጓሎም "ኪዲ! ዝበለኪ ስምዕዮ፡" ኢሎም ደኣ ኣፋነዉኒ። ኣነ'ውን ሽዑ'የ ቀቢጸዮም።"

"ኩነታት ሰድራኣ ኣመና ገሪምኒ። ንጓሎም ዝኣክል እሞ ድማ ዓቕሚ ሂዋን ንዘይኣኸለት ትሕቲ ዕድመ ከምኡ ምግባሮም እንበርዶ ወለዲ'ዮም ዝብል ሕቶ ኣበገሰለይ።

"ብሓቂ! ንሱ'ኸ እንታይ ኢሉ?"

"ንሱ ደኣ እንታይ ክብል? ድሌቱ ስለዝረኸበ ቃላት'ውን ኣየስተንፈሰን።"

"ንስኺ'ኸ ኣይተዛረብክዮን?" ስምዒታ ከንብብ እናፈተንኩ ሕቶይ ቀጸልኩ።

"ምስ ዓማጽየይ፡ ብፍጹም!" ሓጺርን ንጹርን መልሲ ሃበትኒ። ዝገረማ ክትመስል'ውን ብሃንቀውታ ጠመተትኒ።

*ኒጓ ወልደማርያም(ኲጓ*
*ክ/ሰ - 39*

# ኩርናዕ ካርቱን



# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

BOART LONGYEAR™

## Vacancy Announcements

Boart Longyear (ASX: BLY) isa 120-year-old global mineral exploration company that provides mineral exploration services and drilling products for the global mining industry and also has a substantial drilling presence for water exploration, environmental sampling, energy, and oil sands exploration.
We are expanding in Eritrea and are looking for an experienced and highly motivated:

**Drilling Services Training Instructor**
Job Summary:

The Drilling Services Training Instructor is responsible to implement training programs and initiatives for the safety, development, and productivity of employees, with primary focus for field staff.

**Position Responsibilities:**

- Assess training requirements for drillers, driller assistants, and other field staff including field supervision. Consult with employees and local management about training needs.
- Develop and implement training curricula that prepares new and current employees for safe and successful completion of work tasks.
- Identify program improvements, material, vendor and delivery effectiveness.
- Ensure the accuracy and integrity of training records, including identification and development of process/systems improvements.
- Perform on-site observations frequently to assess training effectiveness.
- Follow up on all recommendations from inspections and audits.

**Position Qualifications:**

- A minimum of 8 years' experience as a Driller with working knowledge and experience on a LY44 Drill rig and documented drilling qualifications /certifications.
- Possess high standards of responsible and ethical behaviour
- Excellent written and verbal communication skills, ability to read, write and understand the English language
- Experience in supervising, coaching and harnessing teamwork amongst drilling crews
- Ability to project manage and possess an aptitude for problem solving and providing solutions
- A valid driver's license (Desirable)
- Computer skill such as MS Office and ability to provide written and data entry based reports
- Demonstrated Driller competencies for other driller positions.
- Knowledgeable in EHS disciplines, sciences and regulations
- Excellent communication skills, written and verbal. Builds trusted relationships across organization.
- Effective time and priority management.
- Computer literate (MS Office).

**Mode of Application**
If you feel you are the ideal candidate for any of these positions, please send your English resume with contact details, certificates, and cover letter including two referees to:
**Email Address:**lemlem.hailemariam@boartlongyear.com or elizabeth.asfaha@boartlongyear.com
**Postal Address:** P.O.Box 7721, Asmara, Eritrea
**Physical Address:**Boart Longyear Eritrea Ltd. Alfa Romeo, Deb Mbr 01 St. 171-5, No 4 Asmara, Eritrea.
The application deadline is 14 days from the date of publication. Please provideevidence ofcompletion or exemption from National Service and release letter from your current/last employer
**For Eritrean applicants, please send a copy of your application to:**
Aliense Employment Unit,
P.O.Box7940
Asmara, Eritrea

**Please note that only shortlisted applicants will be contacted.**

# ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ E.T.I.

ERITREA TEXTILE INDUSTRIES P.L.C

ብጡዋ ጥራይ ብዝተሰርሑ ዝተፈላለዩ ዓይነት ማልያታት ፣ ብራቴሊ ፣ ሙታንቲ ፣ ፒጃማ ፣ ብምፍራይ ንዓማዊሉ ኣዕጊቢ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዝርከብ ትካልና ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሕጂ'ውን ብምኽንያት ፌስቲቫል 2014 ፦

ንናእሽቱን ዓበይትን ናይ ክልቲኡ ጾታ ዘገልግሉ

- * ማልያታት
- * ብራቴሊ
- * ሙታንታ
- * ናይ ስፖርት ክዳን
- * ቅጥኢ ንባህላዊ ክዳን መስርሒ ዝውዕል

ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ብዘተኣታተውናዮ ጽፍሒ ስራሕ ስፍየት ክዳውንቲ ዝፈረዩ

- * ስሪ
- * ካምቻ
- * ጃኬት
- * ኮምፕላስዮኒ
- * ኣንሶላ
- * ቦርሳ

ቀሪብና ፣ ነጋድያን ፌስቲቫል 2014 ንምዕጋብ ዓቢ ምቅርራብ ድሕሪ ምግባር ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ናይ መሸጢ ቦታ ጸኒሑና ንርከብ ።

ኣብ ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ ኣብ ዝርከብ ቀዋሚ ናይ መሸጣ ቦታና ብሙሉእ ትሕዝቶ ኣገልግሎትና ብቀጻሊ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉ ንክቡራት ዓማዊልና ብኣኽብሮት ንገልጽ ።

ብጽሑና ብጽፈት ምህርትና ፣ ብርትዓዊ ዋጋና ፣ ብምቕሉል ኣቀባብላና ክትዓግቡ ኢኹም ።

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company PLC is inviting interested applicants for the positions of;

1. **Leadership Training Officer (01)**

**Major Duties and responsibilities:-**

- Conduct leadership skill development Training Needs Analysis and design appropriate need based training programs.
- Develop and deliver leadership Course materials to meet the company's needs. Ensure that the training material is impactive, up to date and relevant to the company needs.
- Conduct leadership training courses through application of a variety of instructional techniques such as role playing, team exercises, group discussions, videos, and lectures.
- Use effective evaluation methods to assess the value of Leadership/ managerial skills development programs. Conduct pre and post training evaluation. Evaluate the impact of the leadership training programs on the individual's performance and the company's overall leadership qualities. Make/recommend changes for improve where necessary.
- Assist in preparation of personal development plan (PDP), focusing on the leadership quality sides.
- Provide guidance on Coaching and mentoring techniques to all concerned company employees.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | ▪ BA Degree in Human resources Management, Training, Business Management or related fields or<br>▪ Diploma in Human resources Management, Training or Business Management |
| **Working Experience – Nature & Length** | ▪ For BA 2 years training/ teaching of related managerial fields.<br>▪ For diploma 4 years as leadership or managerial skill development trainer |
| **Leadership Experience – Nature & length of time** | Excellent verbal and written communication with demonstrated persuasive leadership and team building skills, presentation skills and creativity. |
| **Other skills and abilities** | ▪ Excellent in Microsoft office applications (MS Word, PowerPoint & Excel)<br>▪ Excellent facilitation skills and exceptional questioning skills<br>▪ Knowledge of adult education system & course design<br>▪ Excellent verbal & written communication skill in English<br>▪ Knowledge of multiple local languages is an advantage |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: Bisha.
- **Type of contract:** Indefinite period
- **Salary:** As per Company salary scale.
- **Additional requirement for Nationals:**
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc…)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to;**
**Bisha Mining Share Company**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to**

**Aliens Employment Permit Affairs,**

**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ መርሓኖ

ኣቶ ተስፋማርያም ገብረመድህን ተወልደን ወ/ሮ ሰማይነሽ መንግስትኣብ ዘርኡን፡ ወድና ኣብርሃም ተስፋማርያም ገብረመድህን ስለዝሞተ፡ ወድና ዘይተመርዓወ ኮይኑ ውላድ'ውን ስለዘይብሉ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓ/ከ/ጸሮና

ወ/ሮ ሂወት መሓሪ መድህን በዓል ቤተይ መሓሪ ገብረማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኩዳዳ

ወ/ሮ ብርጭቆ ባህታ ሓደራ ምስ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ብሕጋዊ መዳይ ቃልኪዳን ኣሲርና ካብ ንምርያ 3 ዓመት ጌርና ኣነ ሰብኣይ ኣለኒ ኢለ እንተተጸበኹ ንዓይ ኣብ ገዛ ገዲፉኒ ስግረ ዶብ ከይዱ 2 ዓመት ጌሩ። ኣነ ከም በዓልቲ ቤቱ መጠን ስለዘይረኣየንን ዘይኣለየንን ተጸዊዑ ቃልኪዳን ከውርደለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲ ኲላ

ወይ/ውዳሰ ነብይ ሃብቱ፡ ወላዲና ነብይ ሃብቱ ስብሃቱን ወላዲትና ለተንጉስ ገብሩ ወልዱን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ተኾምብያ

ከሳሲት ሃና ገብረሚካኤል ዓንድማርያም ብወኪላ ኣመተ ገብረስላሴ ተወልደመድህን ኣቢላ ምስ ተኸሳሲ ብርሃነ ተስፋማርያም ጆኑ ሰብኣይን ሰበይትን ብሓዳር ዝነበሩ ኮይኖም፡ ኣብ ሓዳሮም ይኹን መነባብሮኦም ከሰንዩ ስለዘይከኣሉ፡ ፍትሕ ይፈጸመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ዞባ ሻምብቆ

ሃብቶም ሰለሙን ሃይለ፡ ስም ኣደይ ለቱ ተስፋገርግሽ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ብርክቱ ከሰተ ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓሊግድር

ሙሉጌታ ገብረሚካኤል ባህታ ፡ ወላዲተይ ኣስመረት ፋረ ገብረእየሱስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ይቕረብ።


## CHINESE CLASSES TO THE PUBLIC

CI-NBHE is planning to offer classes for the public who are interested in **learning Chinese language** and longing for **knowing more about Chinese culture**. The registration is scheduled on August 28-29, 2014 in Room 181, University of Asmara.

The schedule is as follow:

**Class1:** Tuesday&Thursday, 4pm-6pm.
**Class2:** Wednesday& Friday, 4pm-6pm.
**Class3:** Saturday&Sunday, 9am-11am.

The people who want to take the Chinese class will have to pay 100 Nakfa for textbook materials. More information is available for you on working days at Room 179 & 181, University of Asmara. CI-NBHE is expecting you to begin the Chinese Journey with us together.






ሓዳስ መጽሓፍ

➡ 11 ሓጺር-ዛንታታት
➡ ዛንታታት ቍልዕነት
➡ ዛንታታት ንእስነት
➡ ዝተፈላለየ ቅዲ-ኣጸሓሕፋ
➡ ክውንነታዊ ➡ ፋንታዝያዊ
➡ ቸኮቭያዊ ➡ ትልሚ-ኣልቦ
➡ ማጂካዊ ክውንነት...

ኣብ ኵሉን ኣብያተ-መጽሓፍ ተዘርጊሓ ኣላ
ተሌ፡ 07118114 - ኣኽደር

... ብኣቀራርባኦን ፍሉይነት ዘለወን ሓጺር-ዛንታታት "ተረፍ"፡ ንምዕባለ ስነ-ጽሑፍ ሃገርና፡ ብሕልፊ ድማ ንቕዲ ኣጸሓሕፋ ሓጺር-ዛንታ ንቕድሚት ዘሰጉማ እየን።
ሰለሙን በርሀ - ደራሲ "ወፍሪ ስግረ-ዶብ"
* * *
... ነዚ ንነብሮ ዘለና ግዜን መንፈስናን፡ ትርጉም ህይወት፡ መስዋእትን ሓቒን፡ ንሰብን ሕልናኡን ብዕምቈት ጽሒፉሉ። ገለ ካብ'ዘን ዛንታታት ከም ግጥሚ ደጋጊምካ ንኽተንብበን ይድርኽኻሞ፡ እንደገና ሓድሽ ሓሳብን ዓሚቝ ትርጉምን ትረኽበለን።
ግርማይ ዮሃንስ (ሳንድዮን) - ደራሲ "ዘልኩ ደኣ"
* * *
እኩብ ዛንታታት መጽሓፍ "ተረፍ" ንዝተፈላለየ መድረኻት ህይወት - ካብ ህንጡይነት፡ ንጽህናን ስእለ-ኣእምሮ ህጻናትን ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ፍልስፍና ህይወት ማለት፡ ንሞትን ህይወትን፡ ፍቕሪ፡ መስዋእቲ፡ መን ምዃንካ ምፍላጥ ወዘተ. ዝውክሉ ዛንታታት ሒዛ ብውሕሉልን ዕምቈት ዘሎዎ ኣቀራርባን ዝተዳለወት መጽሓፍ እያ።...
ራሄል ኣስገዶም ዘርአ - ደራሲት "Before She Breaks My Heart"




# “ሕዱር ሕማም ሳንቡእ መንሽሮ ከኸትል ይኽእል'ዩ” ተመራመርቲ

ሓደሸ ሕማም ሳንቡእ መንሽሮ ሳንቡእ ከስዕብ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ ምዃኑ ሓድሽ መጽናዕቲ ሓቢሩ፡፡


እቲ መጽናዕቲ ኣብ ዝተኣከበ ጥዕናዊ መረዳእታ (ዳታ) ናይ 25 ሽሕ ኤውሮጳውያንን ካናዳውያንን ዝተኻየደ ኮይኑ፤ ከም ሕዱር ሕማማት ብሮንካይትን ኒሞንያን ዘለዎም ሰባት ሕማም መንሽሮ ሳንቡእ ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ እቶም ተመራመርቲ ገሊጾም፡፡ ሕማማት ስርዓተ ምስትንፋስ፥ ብዘተፈላለየ መገዲ ሕማም መንሽሮ ሳንቡእ ኣብ ምምዕባል ጽልዋ ክህልዎም ዝኽኣለ ድማ በዚ ምኽንያት'ዚ ክኸውን ከምዝኽእል ኣሚቶም፡፡

ሕዱር ሕማም ሳንቡእ ምስ ሕማማት ስርዓተ ምስትንፋስ ምትእስሳር ስለዘለዎ፡ ሕማም ሳንቡእ ናብ ሕማም መንሽሮ ሳንቡእ ክምዕብል ዘሎ ዕድል ዝለዓለ ክኸውን ከምዝኽእል ድማ ኣረዲኦም፡፡ ይኹን'ምበር ዛጊት ሕዱር ሕማም ሳንቡእ መንሽሮ ሳንቡእ ከምዘኸትል ዝገልጽ ንጹር መርትዖ'ኳ እንተዘይተረኽበ፡፡

እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ፡ ሓኪይም ብሓገዝ ናይዚ ተረኺቡ ዘሎ መጽናዕታዊ ወጽኢት ነቶ ሕማም መንሽሮ ዘለዎም ሰባት ሕማሞም ናብ ሕማም መንሽሮ ሳንቡእ ንኸይምዕብል ሕክምናዊ ሓገዝ ኣብ ምግባር ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ሓቢሮም፡፡



# ኣመሪካ፡ ናይ ኣርባዕተ ሚልዮን ሰባት ዳታ ብ'ሃከርስ' ተሰሪቑ



ኣብ ኣመሪካ ሓደ ዝዓበየ ኮማዊ ትካል ጥዕና ግዳይ መርበባዊ መጥቃዕ ከምዝኾነ ተሓቢሩ፡፡ እቲ ኮማዊ ሕክምና ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ዛጊት ብሰንኪ'ቲ መርበባዊ መጥቃዕቲ ናይ ኣስታት 4.5 ሚልዮን ሰባት ውልቃዊ መረዳእታ (ዳታ) ተሰሪቑ ከምዘሎ ኣፍሊጡ፡፡ ዛጊት እቲ ኮማዊ ትካል ጥዕና ኣስማት ናይቶም ግዳይ ዝኾኑ ዓማዊሉ ኣብ ምሕባር ይርከብ፡፡

እቲ ኮማዊ ትካል ጥዕና፡ እቲ መርበባዊ መጥቃዕቲ ካብ ቻይና ዝተበገሰን ብኩልዑብ መንግስቲ ቻይና ናይ ዝሰርሑ ጉጅለ ዝተፈጸመን ምዃኑ ብምውቃስ፡ ኣብ ዝሓለፉ ወርሓት ሚያዝያን ሰነን ከምዝገጠመ ኣረዲኡ፡፡

እቲ ተሰሪቑ ዘሎ መረዳእታ (ዳታ) ናይ ሕሙማት ኣስማት፡ ኣድራሻ፡ ዝተወልደሉ ዕለት፡ ቁጽሪ ቴሌፎንን ካልእ ኣብ ማሕበራዊ ሂወቶም ውሕስነት ዝህቦም መለለዪ ቁጽርታትን ከምዝጠቓልል ድማ ተፈሊጡ፡፡ ምስራቅ ዳታ ናይ ሕሙማት፡ ኣብ ሂወት ተሓካምቲ ውልቃዊ ጽልዋ ዘሕድር ክኸውን ከሎ ኣብቲ ትካል ኮማዊ ጥዕና ግን ዝኾነ ሻዕያ ከምዘየስዕቡ እቲ ሓብሬታ ገሊጹ፡፡

እቲ ኮማዊ ትካል ጥዕና ኣብ 29 ክፍለ ሃገራት ኣመሪካ ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጡ 206 ሆስፒታላት ዝሓቖፈ'ዩ፡፡ እቲ ዝተሰርቀ ዳታ፡ ናይ ሰባት መንነት ወይ ውልቃዊ መሰል ንምስራቕ ክገልግል ምዃኑ ሓደ ክኢላ ጸጥታ ኣጠንቂቑ፡፡

ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ኣመሪካ (ኤፍ.ቢ.ኣይ)፡ ምንጪን ናይቲ ዘይሰሉ ተግባራዊ ፍጻሜ ንምጽራይ ዘድሊ መጽናዕቲ የካይድ ከምዘሎ ከምዝሓበረ ኣገልግሎት ዜና ሮይተርስ ሓቢሩ፡፡

ኣቐድም ኣቢሉ ብሰንኪ ዝርአ ዝበረ ድኹም ጸጥታዊ ክትትል፡ ሕክምናዊ መኻሒታት ኣመሪካ ንመርበባዊ መጥቃዕቲ ዝተቓልዑ'የን ክብሉ ክኢላታት ጸጥታ ከምዝጠንቀቑ ይግለጽ፡፡

ኣብ ወርሒ ሓምለ 2014፡ መንግስቲ ኣመሪካ ንሓሙሽተ ኣፈሰራት ወተሃደራት ቻይና፡ ብድሕሪ መጋረጃ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ኩባንያታት ኣመሪካ ዘጋጠመ መርበባዊ መጥቃዕቲ ኢድ ኣለኩም ክብል ከምዝኸሰሶም ይፍለጥ፡፡ እቶም ኣፈሰራት ይኹን መንግስቲ ቻይና ግን ነቲ ክሲ መሰረት ዘይብሉን ዘይእመን ምዃኑ መንግስቲ ኣመሪካ ዘርኢ'ንዩ ክብሉ ነጺጎሞ፡፡

# “ቁጽሪ ዝቕተሉ ሓራምዝ ኣፍሪቃ ሻቕሎት ይፈጥር ኣሎ'' መጽናዕቲ

ኣብ ኣፍሪቃ ናይ ዝቕተሉ ዘለዉ ሓራምዝ ቁጽሪ ኣብ ኣሻቓሊ ደረጃ በጺሑ ከምዝርከብ ሓደ መጽናዕቲ ኣጠንቂቑ፡፡ ብመሰረት'ቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ካብ 2010 ክሳብ 2012 ኣብ ዘሎ ዓመት ጥራይ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ኣስታት 100 ሽሕ ሓራምዝ ከምዝተቐትሉ ኣሂዱ፡፡

እዚ ኣሃዝ'ዚ ንኣፍሪቃ ኣብ ዓለም እታ ዝለዓለ መጠን መቕተልቲ መጥበውቲ እንስሳታት ዝተራእየላ ኣህጉር ገይሩዋ ከምዘሎ እቲ ብክኢላታት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ወሲኹ ኣረዲኡ፡፡

ኣቐዲም ኣቢሉ ቁጽሪ ዝቕተሉ ዘለዉ ሓራምዝ ይውሰኽ ከምዘሎ ክግለጽ ዝጸንሐ'ኳ እንተኾኑ፡ ብንጹር ክንደይ ዝኣኽሉ ከምዝተቐትሉ ዝሕብር ዘሎ ግን ንፈለማ ግዜ በዚ ሓድሽ መጽናዕቲ ምዃኑ'ዩ ዝገለጸ፡፡

ኣብ ኣፍሪቃ ምቕታል ሓራምዝ ንኽውሰኽ ቀንዲ ጠንቂ ኮይኑ ዘሎ፡ ኣብ ቻይናን ካልኦት ሃገራት ኣህጉር ኤስያን ዝርአ ዘሎ ዝለዓለ ጠለብ ስኒ-ሓርማዝ ምዃኑ'ዩ ዝሕበር፡፡

ዘይሕጋዊ መቕተልቲ ሓራምዝ ቅድሚ ሓደ ዕቑድ 25% ጥራይ ዝበር ኣብዚ ሕጂ ግዜ ግን ብሓርፋፍ ገምጋም ናብ 65% ደዪቡ ምህላዉ እቲ ብክኢላታት ሓርማዝ ዝተኻየደ መጽናዕቲ የረድእ፡፡ እዚ ኣሃዝ እዚ ከምዚ ዘሎ እንተድኣ ቀጺሉ ድማ፡ ሓራምዝ ኣፍሪቃ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከም ዓሌት ክጸንቱ ምዃኖም እቲ መጽናዕቲ ኣጠንቂቑ፡፡

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ቻይናን ካልኦት ሃገራት ኤስያን ሓያል ጠለብ ስኒ-ሓርማዝ ዘሎ ኮይኑ እዚ ከኣ ሰባት ኣብ ጸለም ዕዳጋ ዋጋ ስኒ-ሓርማዝ ልዑል ኣደኒቡ ክገዝእ፡ ሓራምዝ ንምቕታል ገበናት ክፍጸሙን ጠንቂ ኮይኑዎም ምህላዉ እቲ መጽናዕቲ ይሕብር፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት 'ሰሎስ' ኣብ ዝተባህለ መዓቀቢ እንስሳታት ታንዛንያ ዝበሩ ቁጽሪ ሓራማዝ ካብ 40 ሽሕ ናብ 13 ሽሕ ከምዝነከየ'ዩ ዝገለጸ፡፡ እዚ ኣሃዝ'ዚ ድማ ኩነታት ሓራምዝ ኣፍሪቃ ናበይ ኣንፈቱ ይኸይድ ከምዘሎ ዘርኢ ቀሊል ኣብነት ምዃኑ እቲ መጽናዕቲ ኣብሪሁ፡፡ ኣብ ኣፍሪቃ ኣስታት 400 ሽሕ ሓራምዝ ከምዘለዉ'ዩ ዝግመት፡፡ ዘይሕጋዊ ምቕታል ሓራምዝ ብኸምዚ ዘለዎ ደረጃ እንተድኣ ቀጺሉ ድማ ሓራምዝ ኣፍሪቃ ኣብ ውሽጢ ካብ 8 ክሳብ 10 ዓመት ክጸንቱ'የም ማለት'ዩ፡፡



# ክልተ ሚእቲ ዓመት ዝዕድሜኡ ኣልኮላዊ መስተ ዝሓዘ ሳርማ ተረኺቡ



ተመራመርቲ ሰኡጥንቲ፡ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ጥሒላ ኣብ ዝረኸብዋ መርከብ፡ ክልተ ሚእቲ ዓመት ዝዕድሜኡ ናይ ኣልኮላዊ መስተ ሳርማ ከምዝረኸቡ ገሊጾም፡፡ እቲ ብጽቡቕ ተዓቂቡን ተሓቲሙን ኣብ ወርሒ ሰነ ዝተረኽበ ሳርማ ጥዑይን ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ዝኽእልን ኮይኑ ኣብ ውሽጡ ኣልኮላዊ መስተ ሒዙ ከምዝጸንሐ'ውን እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም፡፡ እቲ ኣልኮላዊ መስተ ጅንሸር ዝተባህለ ዓይነት ጅን ወይ ቮድካ (ኣልኮላዊ መስተ ሩሲያ) ክኸውን ከምዝኽእል ከኣ እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም ኣብሪሆም፡፡

“ኣብ ውሽጡ ዝጸንሓና ኣልኮል ክሳብ ዝኽእል'ዩ - እዚ ማለት ክምርዝ ዝኽእል ኣይኮነን፡፡ እንተኾነ ብሰንኪ ምንዋሕ ግዜ ጸቡቕ ሽታ የብሉን” ዝበለ ተመራማሪ ሰኡጥንቲ ትሕተ ማይ ቶማስ በድናርዝ፡ ዛጊት ብዝተገብረ መጀመርታዊ መርመራ ላቦራቶሪ፡ ኣብቲ ሳርማ ማይ ዝተሓወሶ 14% ዝተጻረየ ኣልኮላዊ መስተ ከምዝጸንሐ'ም ሓቢሩ፡፡

ንሱ ኣስዒቡ፡ “እቲ ሳርማ ኣብታ ብ F-53-31 እትጽዋዕ ኣብ ባሕሪ ባልተክ ዝጠሓለት መርከብ ዝጸንሓና ኮይኑ ዕድሜኡ ካብ 1806 ክሳብ 1830 ዝበረን ስርሓት ጀርመን'ዩ፡ ሓደ ሊትሮ ፈሳሲ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ድማ ኣለዎ” ክብል ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

እቲ ሳርማ ኣብ ዝባኑ ስም ናይቲ ብ'ሰልተርስ' ዝጽዋዕ ዝበረ ካብ ኈቦታት 'ቱንስ' ናይ ጀርመን ልዑል ትሕዝቶ ጋዝ ዘለዎ ዝተጻረየ ማይ ኣፍረዩ ንህዝቢ ዘመሓላልስ ትካል ተጻሒፉዎ'ውን ጸኒሑ ኣሎ፡፡ ትካል 'ሰልተርስ' ዝቐርቦ ዝበረ ማዕድናዊ ማይ ቅድሚ ሓደ ሽሕ ዓመት ዝተጀመረ ኮይኑ፡ ኣብ ኤውሮጳ ሓደ ካብቲ ዝጠንተወ ማዕድናዊ ማይን ልዑል ጥዕናዊ ረብሓታት ኣለዎ ተባሂሉ ዝእመነሉን ምዃኑ ይግለጽ፡፡ ካብ 19 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ግን ምንጪ ናይቲ ማይ ክጸፍ ስለዝጀመረ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ካብኡ ዝስተ ማይ ምርካብ ኣሸጋሪ ምዃኑ ይንገር፡፡




# ሕጂ'ዩ ዚያዳ ተሰዊጡና

ከምዝዘከር ኮርፖረሽን ዓሳ ኤርትራ በቲ ፌስቲቫል መጸ ዘቐርቦ ዝበረ ስሉጥ ኣገልግሎት፡ ፍሕሹው ኣቀባብላ ንኣጋደድያን ጆብኢ ዝበሎ ከበዲ ገጥ ኣበሉ ዘውዕልን ዘምስይን ባህታ ዝሀበን ፓኒና ዕዙዝ ምስጋና እዩ ዝቐርበሉ ነይሩ - በዩም ናብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝውሕዙ ዝበሩ ነጋድያን ነቲ ትካል ዘማስየገን ጽሑፍ ከኣ ኣብ ናይ ሰሉይ ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ደብዳቤታት ኣንቡቡቲ ምስ ኣንበብና ንጹሓፍቱ "እዝጊ ኣፍልጦም" ኢልና ኢና።

ኣብታ ዓመታዊ ዝካረያ ዝበረ ክፍሊ ብምኻድ ከም ወትሩ ንረኽቦ ዝበርና ርቡሕ ትሕዝቶ ክንረኽብ ብሀንጡይኑት ኣብ ዝኸደናሉ ግና ኮርፖረሽን ዓሳ ኣይጸንሓናን፡ ብኣንጻሩ ካልእ ትካል ተኻርዩዎ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ርትዓዊ ዋጋ (20 ናቕፋ) ናይቲ ኮርፖረሽን ብ40 ናቕፋ ንሓደ ፓኒኖ ተቐይሩ ደኣ ጸንሓና። ንሱ ከይኣክል ኣብ መንጎ "ተወዲኡ፡ ክትጸበዩ ኢኹም። ድሕሪ ሰዓት ኣብልኩም ተመለሱ" ዝብል ምላሽ ቡታ ገዛዚብ ተኽፍል ሰራሕተኛ ክወሃብና ቀንዩ፡ ኣብ ካልእ ቦታታት "ዓሳ ዝሸየጥ ኣሎና" ዝበላ ዝሓትኡ ዘለዋ ልዕሊ 40 ናቕፋ ስለዝኾነ ንኣጋዲ ከብሀርራ ደኣ እምበር ክረጋግእ ይረኢያ የለዋን። ነቲ ብኣብነታዊ ትካል ክጥቀስ ዝጸንሐ ኮርፖረሽን ዓሳ ኤርትራ ክኽተላ ደርኢያ ብዘይምህላወን "መኽሰብና ዕግበት ዓማዊልና" እናጨርሐ ኣገልግሎት ንዘሀቦ ዝበረ ብኽብሪ ክንዝክሮ ኣገዲደናና ኣለዋ። ዘርእዮ ዝበረ ስሉጥነት፡ ብዘምቀራጽ ዝቐርቦ ርቡሕ ትሕዝቶ፡ ኣብይ ዓመቱን ሰዓቱን ዝርድኣና እኳ እንተነበረ ዚያዳ ግን ኣብዚ ናይ ዓመት 2014 ፌስቲቫል እዩ ተሰዊጡና። ዋላ ደኣ ተሳትፎ ናይዚ ኮርፖረሽን ናይዚ ትካል ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል ኣይሃሉ እምበር ሕሉፍ ኣሰራርሓኡ ግና ኩዮ ካብ ኣእምሮና ዝሕከኽ ኣይኮነን።

*ፍጹም ምሕረትኣብ ካብ ደቀምሓረ*
*ክብሮ ተከኤ ኣስመራ*

# ቆርጠምቲ ማልስ ሕፍር ደኣ በሉ!

ኣብ ዝጠዘሐ ንግዳውያን ትካላት ዝሰርሑ "ወይተራት" ኣብቅልጣፈኦም፡ ኣቀራርባኦም፡ ኣተኣዛዝዝኦም እምብዛ ኢኻ እተደንቐም። እቶም ገሊኦም ብቤት ጽሕፈት ቱሪዝም ትምህርቲ ቀሲሞም ኣብ ስራሕ ዝተግበርዎ ምኻኖም ኣይጠራጠረሉን። ገሊኦም ከኣ ይትረፍ ኮርስ ክወስዱሉ ብጥቓ እቲ ትምህርቲ ዝሀብ ክፍሊ ናይ ቱሪዝም እግሮም ኣንበርዎም ዘይፈልጡ ክነሶም "ወይተራት" ክላበስዎ ዝግባእም ዲሲፕሊን ናይ ስራሕ ሰምሚዮርን ክላበሱ ትርኢ፤ ቶብ ምስማዕ ጆማሪካ ክሳብ ትኽእል ማልስ ከይደንጎኻ ምምላስ ቅንዕና ፤ስሉጥነት፡ ጽሬት ትርእየሎም፡፡እዚ ኣብ ቦታኡ ከሎ ገለ ገለ ብኣተዓብብያ ዝዘብደሉ ዲዮም ካብ ኑቦሶም ዘጥረዩዎ ክቱር ኣመል ማልስ ክመልሱ ኣይረኣዩን ወይ'ውን ብትጸበት ከምእትርብርብ ይጉብሩ'ሞ መወዳእታኡ ሓዲግኮዮም ከምእትኸይድ ይገብሩ። እዚ ሓደ ናቕፋ ክልተ ናቕፋ እሞ ንግደፎ ክሳብ 5 ናቕፋ ከረስዑኻ ዝፍትኑ በዚ ኣመል ኣብ ዘዘኸድዎ ዝሕመዩ መውዓሊ ዓማዊል ናይቲ ትካል ዝኾኑ የጋጥሙ እዮም። ልማደኛታት ቆርጠምቲ ማልስ! ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል 2014 ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ሰለስተ ኣርባዕተ ንግዳውያን ትካላት እዞም ብቆርጠምቲ ማልስ ዝልለዩ ዘይተጋጠሙኒ ኣይኮኑን። ለካ ኣመል ኣመል እዩ! ልምዲ እንተዘጸገንሑዶ ኣብዚ እውን ማልስ ከሽክዑ ይፍትኑ ኣለው. ክብሉ ዝሰማዕኩዎም ኣለው። ስራሕ ካብ ምጅፋሕ ዝተሳዕለ ዝረሰዑዮ እናምሰልካ ብኢደ ወገንካ ዝገበር ምጭዋይ ናይ ማልስ ካብ ረቒቕ (ስላሕታዊ) ስርቂ ፈሊኻ ዝርኣ ኣይኮነን። እዚ ጉዳይ እዚ ናብኦም ጥራይ ዝሕደግ ኣይኮነን። እቶም ኣስራሕቶም ዝበዝሉ እውን ብወገኖም ክከታተሉዎም፡ ክቆጻጸርዎም፡ ክምዕድዎም ዘይሰምዑ እንተኾይኖም ካብ ትካሎም ጉድሎቶም ካሮም ከሰናብትዎም ግቡኦም ኮይኑ ይስመዓኒ። ከም ወዮ ወለድና ሸገርቲ ንእሹቶ በለዕካዮ ጨና፡ ዓብይ በለዕካዮ ጨና" ዝበልዎ ውሕደት ትኹን ብዝሕቲ ማልስ ብኢደ ወገንካ ምትራፍ ነውሪ እዩ! ንቆርጠምቲ ማልስ ድማ ቁሩብ ደኣ ሕፍር በሉ እብሎም!

*ሚልኪያስ ሰመረ ኣስመራ*

## ኣብ ከባቢ መናፈሻ ዘሎ ጉሓፍ ንረኣዩኡ እንክጸይን



እዚ ትርእዩዎ ዘሎኹም ስእሊ ብዕለት 18/08/2014 ልክዕ ሰዓት 9:30 ናይ ቅ.ቀ ዝወሰድኩዎ ስእሊ እዩ፡ኣብ ከባቢ ሃገሰኤ ዝርከብ መናፈሻ!ኣብዛ ስእሊ ዘልዕለላ ዝበርኩ ህሞት ሓንቲ ናይ ጽሬት ሰራሕተኛ ናይ ስራሕ መለለዩኣ ዓጢቓ ፥ናይ ኣድ ዓረብያ እናደፍኣት ንዓይን ነቲ ዘይተኣደነ ጉሓፍን ብቶቦ ዓይና እናረኣየትና ሓሊፈት።

እዛ መናፈሻ ዋዝታ ናይ ምምሕዳር ከተማ ኮይና መርዓውቲ ዝሰኣሉላ፡ ህጻውንቲ ሰለል፡ ሽተት ክጻወቱ፡ ተሃናም ዝውጽኡሉ፡ ብጽሬታን ግርማኣን ወሰደ ተብል ዝበረት መናፈሻ እያ፡ኣብዚ ግዜ እዚ ግን ዝኾነ ጉሓፍ ክጉሕፈላ ሰጉጥ ዝብል የለን፡ዝርከብ ፡ ዝሰለጦ ኣብ ወሰናስና ይጉሕፍ! ጸላም ተጎልቢቦም ካብ ርሑቕ ቦታ ዝመጹ ሰብ መኪይን ፡ ብገዛዙብ ተዓሰቦም ዝለኣኹ ሰብ ብሾግሊታ፡ ሰብ ዓረብያ ኣደን ፈረሰንሱብ ትካላት፡ሸቆጥቲ በለስ በዚኦም ቀይዲ በዞኻት ተሳዒራ እያ እዛ መናፈሻ፡ኣብዛ ስእሊ ዘልዓልክላ ደቒቕ 7 ንጥናጥ ጉሓፍ ዝሓቆፈ ጸዕዳ መሸማዕ ኣብኡ ተዛሕዚሖ ጸኒሑኒ፤ዘይተኣደነ ቅራፍ በለስ ምስ ዕስለ ሃመማታት፡ጎማ ናይ ጸማቑ፡ ታኒካታት ናይ ኮካን በራንዝዘኣረጉ ጫማታት፡ሞኽበዕቲ፤ዘዖሰወ እንጀራ፡ ዝሰበበ ቅጫ። ዘይተጓሕፈ በቃ የለን!

ቤት ጽሕፈት ሚንስትሪ ጥዕና ኣብኡ ቤት ጽሕፈት ሃገሰኤ ኣብቲ ከባቢ ምህላዎም እናፈለጡ እንታይ ዓይነት ድርቅና ስለዘለዎም እዮም እዚ ጽያፍን ጉሓፍን ኣብዚ ከባቢ ክጉሕፉ ዘብዝብ ዝበሉ?!ናይ ውልቀ ትካላት ፥መማህራን ኣውቶቡስ ፥ተማሃሮኦም ኣብቲ መናፈሻ ገዛውቲ ዝሰርሑ ከምዝለዉ እናፈልጡ ከመይ ኢሎም ይጉሕፉ?ጉዳም እዩ! "ሓደ ተላባዒ ሕማም ጥራይ ኣይቀልቀል!" ዘዋብል ድማ ኣይኮነን!

እዝክረኒ ዓሚ ጉንበት ሓደ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ደበዓል ኣብ ዝበረሉ፡ ሰራሕተኛታት ናይ ኣየናይ ትካል እዮም ኣየረጋገጽኩን ምስጋና ይብጽሓዮም ኩሉ ዕጥቂ ዓጢቖም ኣዛ ዝኾነ ዝሰዕሩ ዘሎን መኪረኛን ቦታ ብቡዴላ እናጸረጉ ኣብ ዓባይ መኪና እናመልኡ ኣጽርዮማ ነይሮም እዮም። ንገለ ኣዋርሕ ድማ ጽሬታ ተሓልዩላ ዝዘነብያ ሃመማ የሉ፡ ተንከስ ዝበላ ጣንጡ የለ ካብ ርስሓትን ግዕዝይምዕዛይን ሓራ ኮይና ነይራ እያ። ሕጂ ከኣ ስእለይ ይዛረብ!

በዚ ከባቢ እትሓልፍ መኪና ናይ ጉሓፍ ኣላ፡ሰራሕተኛታት ናይ ጽሬት ኣብዚ ከባቢ እውን ከጽርያ ዝተመደባ ኣለዋ፡፡እንታይ ክሰርሑ ዲዮም ተመዲቦም?ብፍላይ እተን መዓልታዊ ዝወፍራ ሰራሕተኛታት ዝረገፈ ቆጽለ፤ዘተደርበየ ሶፍት ክኸስትራ ጥራይ ዲየን ዝወፍራ?እዚ ኒጥ ኢሉ ዘሎ ጉሓፍ ከ ደኣ መን ክሳብ ዝመጽን ይጸበያሉ ኣለዋ?ብሓቂ እዚ ከባቢ እዚ ናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት ዝተመደባሉ ይመስል ዶ? ክፍሊ ጽሬትን ሳኒቴሽንን ብሓቂ ይከታተለን ኣሎ ዲዩ ዝበን ኣብኡ ተመዲበን ዝሰርሓ ዘለዋ ናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት?

*ኣስመረት ወልዴይ*

## መስመር በለዛ ናይ ሓዋሩ ፍታሕ ይናደየሉ

መስመር ኣስመራ በለዛ ብእምባደርሆ ኣቢልካ ተላግሰላ ጽርግያ ኮይና፡ ብዛዕባኣ ገለ ክብል። መስመር በለዛ ኣስመራ ብግዜ ጥልያን ዝተሃንጸ ኮይኑ ነዊሕ ዓመታት ካብ ምግባሩ ዝተላዕለ ኣብዚ ግዜ እዚ ፍጹም ተባላሸዩ ኣሎ ምባል ካብ ክውንነት ዝረሓቐ ኣይኮነን። ኣዝዩ ኣሪጉ ብምህላዉ ንተሸከርከቲ ከሸግር ይርአ ኣሎ። ኣብ ውሕስነት ናይቲ በዚ መስመር ዝመላለስ እንተመጺእካ ኣተኣማማኒ ኣይኮነን። ግዚያዊ ፍታሕ እናተባህለ ብማእቶት ዝተዓረየሉ እዋን ክህሉ ይኽእል እዩ። ክሳብ ክንደይ እዩ ውሕስነትን ዕግበትን ክህብ ዝኽእል? ክሳብ መዓስ እዩ ማእቶት እናበልካ ክጽገን? እዚ ብማእቶት ዝግበር ጽገና ናይ ሓዋሩ ፍታሕ ዘምጽእ ኮይኑ ኣይስምዓንን። እንትርፎ ንግዚኡ መዐገሲ ክኸውን። መስመር በለዛ እምበኣር ናይ ሓዋሩ ፍታሕ ክርከቦ እንተኾይኑ በቶም ናይ ህንጻ ኣካላት እዩ ክሕደስን ክዕረን ዘለዎ እብል።

ኤልያስ በለዛ

## ንክፍሊ ማይ ከነመስግን

ከም ኣካል ምምሕዳር ዞባ ማእከል ተጠቀምቲ ዝስተ ጽሩይ ማይ ካብ እንኸውን፡ ዓድና መስመር ማይ ክኣትዎ ካብ ዝጅምር ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ካብ ዝዝከረኒ ብማይ ተጫኒቕና፡ ማይ ቦጥ ጠሊብና ኣይንፈልጥን። ጽጋብ ናይ ማይ ዓድና ተጋዲፍዎ ዝፈልጥ ብዘይምኻኑ ዓቕሊ ዘጽብብ የብልናን። በዚ ጉዳይ እዚ ፍጹም ዕግበት ዘሎና ኴንና ኣብቲ ገንዘብ እንኸፍለሉ ክፍሊ ናይዚ ትካል ብቐጻሊ ዝተዓዘብኩዎ ናይ ተቐበልቲ ገንዘብ ምቕሉልነት፡ ስሉጥነት ከየሐጎሰኒ ኣይተረፈን።

እቶም ከም ዋርድያ ተቖጽሮም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ናይቲ ትካል ኣብቲ ሪጋ እንሕዘሉ ቦታ ብምምጻእ ከፈልቲ ገንዘብ ሪጋኦም ሓልዮም ከምዝኣትዉ፡ መስርዕ ንዝበትኽን ከደናግር ንዝፍትንን ዓገብ ክብሉ ኮታ ክተሓባበሩ ስለዝርኣኹ ምስጋና ክቕርበሎም እፈቱ።

ኣበባ ካብ ዓዲ ራእሲ
ተመሳሳሊ ደብዳቤ ተኺለ - ካብ ዳዕሮ ጳውሎስ

# ደሃይ ፌስቲቫል



## ፌስቲቫል 2014

## ቁሽት ዞባ ጋሽ-ባርካ

















ስእሊ፡ ምሕረታኣብ ገሚካኤል
ዲዛይን፡ ታኣማኒ ኣብርሃ

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ዋዕላ ስፖርት ንኣ-ስ ዞባ በሪኽ ክካየድ'ዩ


ምምሕዳር ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ኣብ ንጥፈታት ስፖርት ናይቲ ንኡስ ዞባ ዘተኮረ ዋዕላ ስፖርት ከካይድ ምዃኑ ኣብ ዝለኣኾ ደብዳቤ ሓቢሩ።

እቲ ጽባሕ ሰንበት ኣብ ኣዳራሽ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ክካየድ ዝተመደበ ዋዕላ፡ ወከልቲ ነበርቲ ናይቲ ዞባ ከምኡ እውን ግዱሳት ስፖርት ክሳተፉ እዮም። በዚ ኸኣ፡ ኣብ ምድንፋዕ ስፖርት ናይቲ ንኡስ ዞባ ክሕግዙ ዝኽእሉ ዛዕባታት ክዝተየሉም መደብ ከምዘሎ ይግለጽ።

ኣብቲ ካብ ሰዓት 8፡30 ቅድሚ ቐትሪ ጀሚሩ ዝካየድ ዋዕላ፡ እታ ንኡስ ዞባ ንዘካየደቶም ስፖርታዊ ንጥፈታት እውን ክግምገም ምዃኑ ይንገር።

ንከም ኦሎምፒካዊ ኣትለት ተኸለማርያም መድሕንን ካልኦት ስሙያት ኣትለታት ዘፍረየት ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዞባ ማእከል ብንጥፈት ኣብ ስፖርት ዝዋስኣ ንኡሳን ዞባታት ትስራዕ። እታ ዞባ፡ ኣብ ከም ኣትለቲክስ፡ ኵዕሶ እግሪ ከምኡ እውን ቅድድም ብሽክለታ ብዘካየደቶ ወፍሪ ኪንዮ እቲ ዞባ ኀሊሖም ክረኣዩ ዝኽኣሉ ስፖርታውያን ኩተፍሪ ምኽኣላ ይፍለጥ።

## ተሰጉ ኣርሰናል ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ



ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ንሓያለ ዓመታት ዘይቦኾረት ኣርሰናል፡ ብቕድሚ ትማሊ ናብ ቱርኪ ተጓዒዛ ኣብ ዘካየደቶ ቀዳማይ እግሪ ግጥም ፕለይ ኦፍ፡ ብዘይሸቶ ማዕረ ብምፍልላያ ትንፋስ ሶኺዓ።

እታ ብልዑል ቁጽሪ ደገፍታ ማግጇ ዝቐረበት በሺክታሽ፡ ኣብቲ ናይ ሞትን ሕየትን ጸወታኣ ዘይ ከም ባህጊ ደገፍታ ልዑል ጸቕጢ ክትፈልጥ እኳ እንተዘይከኣለት፡ ነታ ብዓሰርተ ተጻወትቲ ንምዱብ ግዚኣ ዝዛዘመት ኣርሰናል ግና ብእትኽተሎ ዝሰበረት ቅዲ ኣጸዋውታ መኻልፍ ክትከውን ተራእያ እያ። በሺክታሽ ቡቲ ውጽኢት ዕግብቲ ምዃና ተጻወትታ ድሕሪ እቲ ግጥም ክሕብሩ ተሰሚዖም። እንተ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ቨንገር፡ ተጻወትቱ ካብ ሜዳኦም ወጻኢ ሸቶ ከመዝግቡ ብዘይምኽኣሎም ቁር ከምዝበሎ ካብ ምግላጽ ኣይተቖጠበን። ብተወሳኺ፡ እቲ ፈረንሳዊ ኑቲ ግጥም ንዘመርሐ ዳኛ ካብ ምዝላፍ ዓዲ ኣይወዓለን።

“ዳኛ ኑቲ ግጥም ዝበቅዐ ብቕዓት የብሉን። ኣድልዎ ነይርዎ። ብፍላይ ድማ ንበሺክታሽ። ንራምሲ ካብ ሜዳ ምብራሩ ቅኑዕ ስጉምቲ ኣይነበረን። ክኣምን እውን ኣይከኣልኩን” ይብል ቨንገር።

ብቕመር፡ ክልቲኦን ጋንታታት ብዘይ ሸቶ ማዕረ ብምፍልላየን ንኽልቲኦን ብማዕረ ኣርባሒ ምዃኑ ዝሓበረ ቨንገር፡ ኣብ ግጥም ካልኣይ እግሪ ጋንታኡ ንዘለዋ ረብሓ ከምዝምዝ ምዃኑ ኣረዲኡ።

“ግጥም ካልኣይ እግሪ፡ ንኽልቲኦን ጋንታታት ወሳኒ እዩ። በሺክታሽ፡ ሓያል ጋንታ ምዃና ኣጸቢቕና ንፈልጥ። እቲ ግጥም እውን ፈታኒ ክኸውን እዩ” ክብል እቲ ፈረንሳዊ ዘረብኡ ይቕጽል።

ኣሰልጣኒ በሺክታሽ ስላቨን ቢሊክ፡ “ተጻወትተይ ብዘርኣዩዎ ብቕዓት ኣዝየ ሕቡን እየ። እዚ ብቕዓት እዚ ኣብ ለንደን እንተደኣ ተደጊሙ። ነዚ መድረኽ እዚ ካብ ምሕላፍ ዝዕንቕጸና ነገር የለን” ክብል ተዛሪቡ።

ደገፍቲ በሺክታሽ፡ ኣብ ልዕሊ ደገፍቲን ተጻወትቲን ኣርሰናል ጸርፊ ከዘንቡ ተሰሚዖም። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ንኣሰልጣኒ ኣርሰን ቨንገር ጥርሙዝ ብምድርባዮም ክለቦም መቕጻዕቲ ክኸጣ ከምዝኽእል ይንገር። ትማሊ ድማ ኣርሰናል ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣሰልጣኒኣ ዝተፈጸመ በደል ናብ ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ጥርዓና ኣቕሪባ ኣላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ካልእ ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ናፖሊ ምስ ኣትሌቲክ ቢልባኦ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም 1ብ1 ተፈላልያ። ብራፋኤል በኒተዝ ትእለ ዘላ ናፖሊ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ብኢከር ማንያኒ ክትምራሕ እኳ እንተተራእየት፡ ሂገዋን ኣብ መበል 68 ደቒቕ ብዘቑጸራ ማዕረ ክትወጽእ ክኢላ ኣላ። በዚ ድማ እቲ ኣብ እስጳኛ ዝካየድ ግጥም ካልኣይ እግሪ ተበሃጊ ክኸውን ኣኺኢልዎ ኣሎ።

ድሕሪ እቲ ግጥም ብቐጥታ ናብ ጋዜጣዊ ዋዕላ ዘምርሐ ሂገዋን፡ ብኸድሪ፡ ናፖሊ ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክትህሉ ከምዝለዋ መዲሩ።

** ** **

## ሮናልዶ ተጎዲኡ

ብሰሉስ ምሸት ኣብ መንጎ ሪያል ማድሪድን ኣትሌቲኮ ማድሪድን ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ቀዳማይ እግሪ ዋንጫ ሱፐር እስጳኛ፡ ኮኾብ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ክርስትያኖ ሮናልዶ ምጭብባጥ ጭዋዳ ከምዝገጠሞ ኣሰልጣኒኡ ካርሎ ኣንቸሎቲ ሓቢሩ።

ኣብቲ 1ብ1 ዝተዛዘመ ግጥም፡ ሮናልዶ ከምቲ ትጽቢት ዝተነብረሉ ክንቀሳቐስ ከምዘይከኣለን ተቐይሩ ካብ ሜዳ ክወጽእ ተገዲዱን። ብመሰረት ሓበሬታ ኣሰልጣኒኡ ድማ እቲ ፖርቱጋላዊ ሎሚ ሕክምናዊ መርመራ ከምዝካይድ ተፈሊጡ።

ሪያል ማድሪድ፡ ብጀምስ ሮድሪገዝ መሪሕነት ክትሕዝ እኳ እንተኸኣለት፡ ራውል ጋርሽያ ግን ጸወታ ንኽዛዘም ክልተ ደቓይቕ ሸቶ ብምምዝጋቡ እታ ጋንታ ካብ ዓወት ተጓናዲባ።

ግጥም ካልኣይ እግሪ ዋንጫ ሱፐር ጽባሕ ዓርቢ ክካየድ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣሰልጣኒ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዲያጎ ሲሞን፡ ኣብ ልዕሊ ዲ ማርያ ዘለዎ ኣድናቖት ድሕሪ ምግላጹ፡ ካርሎ ኣንቸሎቲ ኣብ መሸጣ ናይቲ ተጻዋታይ ኣረኣእያኡ ክቕይር ከምዝኽእል ማዕከናት ዜና የረድኣ። “ዲ ማርያ ንፉዕ ተጻዋታይ እዩ፡ ሲሞን ግን ንከም ሮናልዶን በይልን ዝረስዖም ይመስል” ክብል ምላሹ ሂቡ ኣሎ።

ኣብ ነሓሰ 2012 ንሰቪያ ዋንጫ ሱፐር ዝዓተረ ካርሎ ኣንቸሎቲ ኣብ ናይ ትማሊ ጸወታኡ ንኽልተ ተጻወትቲ (ካብቲ ናይ ኣንጻር ሰቪያ ምዃኑ እዩ) ጥራይ እዩ ቀይሩ።

ብፍላይ ንሓላዊ ልዳት ኢከር ካሲያስ ምስላፉ ንብዙሓት ሕንቅልሕንቅሊተይ ኮይኑ ኣሎ።

“ጉዲም ተጻዋታይ እዩ። ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ። ንሱ ሒዝዎ ዘሎ ብቕዓት ክሳብ መወዳእታ ክንጥቀመሉ ኣለና። ሎሚ (ብቕድሚ ትማሊ ምዃኑ እዩ) ካሲያስ ዝሰርሖ ጌጋ ኣይነበረን። ምምዝጋብ ናይታ ሸቶ ንኹሎም ተጻወትቲ ብፍላይ ድማ ንመስመር ምክልኻል ይምልከት” ይብል እቲ ኢጣልያዊ ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ።



## ... ባርሳ ብፊፋ

ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኵዕሶ እግሪ ፊፋ፡ ባርሴሎና ኣብ 2015 ዝኾነ ተጻዋታይ ከይተፈርም ከምዝኣገዳ ትማሊ ኣፍሊጡ።

እታ እስጳኛዊት ክለብ፡ ንሕግታት መሰጋገሪ ተጻወትቲ ብምጥሓስ ‘መንእሰያት ተጻወትቲ ካብ ክለባት ኣኾብሊላ’ ብምባል ንዝወሰኖ ስጉምቲ ይግባይ ብምሕታታ እያ እቲ ማሕበር ነቲ ጉዳይ ደጊሙ ክርእዮ ተቐሲቡ። በዚ ድማ እታ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ኣስታት 150 ሚልዮን ዩሮ ወጻኢታት ብምግባር ንከም እኒ ሉዊስ ስዋረዝ፡ ራኪቲክ፡ ቨርማለንን ካልኦትን ዘፈረመት ጋንታ፡ ቡቲ ኸሲ ገበነኛ ከምዝኾነት እዩ ጸብጻብ ፊፋ ዘነጽር።

እንተኾነ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ወቕቲ ምስግጋር ተጻወትቲ ኣብ ዕዳጋ ክትነጥፍ እቲ ማሕበር ወሲኑላ ኣሎ። ብመሰረት እቲ ናይ ትማሊ ውሳነ፡ ባርሳ ካብ ዝመጽእ ባሕቲ መስከረም ክሳብ ጥሪ 2016 ካብ ዕዳጋ ተጻወትቲ ወጻኢ ክትከውን እያ።

## ተወሳኺ ...

= ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ንተኻላኻላይ ክለብ ስፖርቲንግ ሊዝበን ኣርጀንቲናዊ ማርቆስ ሮጆ ብ16 ሚልዮን ፓውንድ ንኽትዕድጎ ከምዝተሰማምዐት ኣፍሊጣ። ከም ኣካል ናይ'ዚ ስምምዕ ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ፖርቱጋላዊ ናኒ ንሓደ ዓመት ብመልኽዕ ልቓሕ ንኽጻወት ናብ ስፖርቲንግ ሊዝበን ከምርሕ እዩ።

= ኣቦ መንበር ክለብ ባየር ሙኒክ - ሄንዝ ሩሜኒጅ፡ ባስቲያን ሽዋይንስታይገር ኣብ ብርኩ ብዝገጠሞ ማህሰይቲ ንሒደት ሳምንታት ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕን ብዘይምህላው ድማ ኣብታ ክለብ ጽልዋ ከይገድፍ ንዘለዎ ስግኣት ኣረዲኡ።

ዝሓለፈ ዓመት ብተደጋጋሚ መጉዳእቲ ዝገጠሞ ሽዋይንስታይገር፡ ኣብ መጀመርታ ጸወታታት ናይ ዓመተ ስፖርት 2014/'15 ኣብ ሜዳ ከምዘይህሉ ይግለጽ። ብተወሳኺ እውን፡ ተኸላኻሊ እታ ጋንታ ዣቪ ማርቲነዝ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ጸገም ብምህላው እታ ጋንታ ተጻዋታይ ሃሰው ኣብ ምባል ከምዘላ እቲ ሓላፊ የረድኣ።

“እዚ ገጢሙና ዘሎ መጉዳእቲ ተጻወትቲ ንጋንታና ኣዝዩ ፈታኒ እዩ። ወሰንቲ ተጻወትቲ ምኽሳርና፡ ናብ ዕዳጋ ተገዲድና ክንኣቱ ኣኽኢሉና ኣሎ። ስለዚ ብቑዕ ተጻዋታይ ሃሰው ንብል ኣሎና። እዚ ማለት ግን ተሰፉ የብልናን ማለት ኣይኮነን” ይብል ሩሜኒጅ።

= ኣሰልጣኒ ክለብ ሻኽታር ዶኔስክ ሚርከ ሉስኩ፡ ክለቡት ፊዮረንቲናን ኤሲ.ሚላንን ንብራዚላዊ ተጻዋታይ ፈርናንዶ ሉቃስ ማርቲነስ የጣይቓሉ ምህላወን ኣረዲኡ።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ፊዮረንቲና ኑቲ ተጻዋታይ ንምፍራም ብተደጋጋሚ ንልዳት ዶኔስክ ምኩሕኲሓ ይንገር። እንተኾነ እቲ ናብ ውድድር ሰሪ'ኣ ናይ ምኻድ መደብ ዘለዎ ብራዚላዊ፡ ኣብ ሳንሲሮ ክጻወት ልዑል ባህጊ ኣሕዲሩ ብምህላው፡ እቲ መስርሕ ምስግጋር ልዑል ቅልስ ክረኣዮ ከምዝኽእል ይግምገም።

ወዲ 22 ዓመት ፈርናንዶ፡ ኣብ 2013 እዩ ካብ ግረምዮ ናብ ሻኽታር ተሰጋጊሩ። እንተኾነ ከም ባህጉ ኣብታ ዩክሬናዊት ክለብ ክንጸባርቕ ከምዘይከኣለ ይሕበር። ክሳብ ክረምቲ 2018 ምስ ሻኽታር ውዕል ዘለዎ ፈርናንዶ፡ ኣቐዲሙ ካብ ክለብ ሞናኮ ጻውዒት ረኺቡ ምንባሩን እንተኾነ ምስ ሻኽታር ዝርርብ ብምጅማሩ እቲ መስርሕ ክጓናደብ ከምዝኸኣለን ማዕከናት ዜና የረድኣ።

= ሻምፕዮን ክለባት ኤውሮጳ ዝኾነት ሪያል ማድሪድ - ንሉካ ሞድሪች ውዕሉ ከምዝናውሓትሉ ኣፍሊጣ። እቲ ክሳብ ክረምቲ ናይ 2018 ኣብ በርናቡ ክጸንሕ ዝተሰማምዐ ተጻዋታይ፡ ውዕሉ ኣብ 2017 የብቅዕ ነበረ።

ክሮኦሽያዊ ኣከፋፋሊ ሞድሪች፡ ኣብ ክረምቲ 2012 እዩ ካብ ቶተንሃም ናብ ሪያል ማድሪድ ተሰጋጊሩ። ኣብ ማድሪድ ድማ ልዕሊ 100 ጸወታታት ዘካየደ ኮይኑ፡ ሱፐር ኮፓ እስጳኛ፡ ኮፓ ደል ረይ፡ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳን ዋንጫ ሱፐር ካፕ ኤውሮጳን ዓቲሩ። ኣብ 2008 ቅድሚ ናብ ቶተንሃም ምስግጋሩ ድማ ማልያታት ዲናሞ ዛግረብ፡ ዝሪንስኪን ኢንተር ዛፕረሲችን ምልባሱ ይፍለጥ።

= ኣከፋፋሊ ክለብ ማን ዩናይትድ ማርዋን ፈላኒ፡ ኣብ ልምምድ ብዝገጠሞ ማህሰይቲ ንንውሕ ዝበለ እዋናት ካብ ጸወታ ክርሕቕ ምዃኑ ማዕከናት ዜና ዓዲ እንግሊዝ ኣፍሊጠን። እቲ ኣስታት 27.5 ሚልዮን ፓውንድ ዝወድአ ተጻዋታይ፡ ኣብ ዓንካር ዓንካሪቱ እዩ እቲ ማህሰይቲ ገጢምዎ።

# ሶርያ፡ ልዕሊ 700 ዕጡቓት ናብ ሰራዊት መንግስቲ ኢዶም ሂቦም



ብኣመራጽነ ካልኦት ሃገራት ምዕራብን እናተማወሉ ኣብ ሶርያ ኣንጻር'ቲ ብፕረዚደንት ባሻር ኣል-ኣሳድ ዝምራሕ መንግስቲ ክዋግኡ ካብ ዝጸንሑ ዕጡቓት ልዕሊ 700 ምስ ምሉእ ዕጥቆም ናብ ሰራዊት መንግስቲ ከምዝሰለሙ ተገሊጹ።

ብመሰረት 'ቱርኪ ኒዉስ' ዝተባህለ ማዕከን ዜና፡ ኣብ ከተማታት ደርዓ፡ ስወይዳ፡ ደማስቆስ፡ ሆምስ፡ ሃማን ካልኦት ከተማታትን ኮይናም ዝዋግኡ ዝነበሩ 525 ዕጡቓት ዝሓለፈ ሰሙን ኢዶም ንሰራዊት መንግስቲ ሶርያ ክህቡ እንከለዉ፡ ኣብ ከባቢ ከተማ ደማስቆስ ኣብ ዝርከብ ኣል-ዛብዳኒ ዝተባህለ ስፍራ ዓስኪሮም ዝነበሩ 180 ካልኦት ዕጡቓት ድማ ድሒሮም ምስ ምሉእ ዕጥቖም ሰሊሞም።

እቶም ካብ ዝሓለፈ 2011 ኣትሒዞም ክዋጋኡ ዝጸንሑ ዕጡቓት ስለምንታይ ኣብዚ እዋን ኢዶም ይህቡ ኣለዉ ዛጊት ዝተዋህበ ሓበሬታ'ኳ እንተዘይሃለወ፡ ዘይከምቲ ንሳቶምን መወልቶምን ዝተጸበይዎ መንግስቲ ሶርያ ኣብ ሓጺር ግዜ ክወድቕ ብዘይምኽኣሉ ተስፋ ቆሪጾም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ግን ሓያለ ተንተንቲ ፖለቲካ ናይ'ቲ ዞባ ርእይቶኦም ይህቡ ኣለዉ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ'ውን ኣስታት 100 ዕጡቓት ኢዶም ንሰራዊት መንግስቲ ሶርያ ሂቦም ምንባሮም ዝጠቐሱ እቶም ተንተንቲ፡ ኣብቲ ራብዓይ ዓመቱ ኣቑጺሩ ዘሎ ውግእ ሶርያ ሰራዊት መንግስቲ ላዕለዋይ ኢድ እናሓዘ ይኸይድ ብምህላዉ ሞራል ናይ'ቶም ብገዛእቲ ካልእን ተዓሰቦም ይዋግኡ ምህላዎም ዝነገሮም ዕጡቓት እናደኸመ ይመጽእ ከምዘሎ የረድኡ።

ጸብጻባት ከምዝሕብርዎ፡ ሶርያ ኣብ መጋቢት 2011 ኣብ ኲናት ሓድሕድ ካብ እትኣቱ ንደሓር ዛጊት ህይወት ልዕሊ 170 ሽሕ ዜጋታት'ታ ሃገር ክጠፍእ እንከሎ፡ ካልኦት ብሚልዮናት ዝቝጸሩ ድማ ናብ ስደት ከምርሑ ተገዲዶም ኣለዉ።

# ኣመሪካ፡ ካልኣይ ጸሊም ኣመሪካዊ ብፖሊስ ተቐቲሉ

ሓደ ጸዕዳ ምኑኑ ዝተኣገረሉ ኣባል ፖሊስ ኣመሪካ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ከተማ ሰይንት ሉዊስ ንካልኣይ ጸሊም ኣመሪካዊ ብጥይት ተኩሱ ከምዝቐተሎ ይግለጽ ኣሎ።

ድሕሪ'ቲ ትራጀዲ፡ እቲ ብሰንኪ ቅትለት ናይ ሓደ ወዲ 18 ዓመት ጸሊም ኣመሪካዊ ካብታ ከተማ ሓሊፉ ናብ ሓያለ ከባቢታት ኣመሪካ ክልሕም ዝጸንሐ ህዝባዊ ናዕቢ ኑዱዲ ከምዝተኸሰተ ሓዊ ዳግማይ ብዝሓየለ መልክዑ ይቕጽል ምህላዉ እቲ ብማዕከናት ዜና ዓለም ዝጋዋሕ ዘሎ ዜና የመልክት።

ብፍላይ ነበርቲ ከተማ ሰይንት ሉዊስ፡ ደም ናይ'ቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብታ ከተማ ብሓደ ብጸዕዳ ኣባል ፖሊስ ዝተቐትለ ሚካኤል ብራውን ዝተባህለ ጸሊም ዜጋኦም ከይነቐጸ እንከሎ ካልኣይ ጸሊም ወዲ ዓሌቶም ብተመሳሳሊ ኣገባብ ምቕታሉ ቁጥዓኦም ፈጺሙ ክቆጻጸርዎ ኣብ ዘይክእልሉ ደረጃ በጺሑም ከምዝለዉ'ዩ ዝሕብር ዘሎ።

ብመሰረት ኣሶሽየትድ ፕረስ፡ እቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ዝተቐትለ ካልኣይ ጸሊም ኣመሪካዊ ኣብ ክሊ ዕድመ 30 ዝርከብ ኮይኑ፡ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዝነበሮ ፍሉጥ ሰብ'ዩ ኔሩ። ንሱ፡ ብቐትለት ሚካኤል ብራውን ቁጥዖኡ ንምግላጽ "ቕተሉኒ!" እናበለ ሴፍ እናምበልበለ ናብ'ቶም ኣብኡ ፖሊስ ድሕሪ ምቕራብ ተኩሶም ክቐትልዎ ከምዝተገደዱ ኣዛዚ ፖሊስ ናይ'ታ ከተማ ድሒሩ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ኮይኑ ግን እቲ ትራጀዲ ብዓይኖም ዝዕዘቡ ዝነበሩ ሓያለ ነበርቲ ናይ'ታ ከተማ፡ እቲ መንእሰይ ኣቶም ፖሊስ ከይቀረቦም እንከሎ ብርሑቕ ተኩሶም ከምዝቐተልዎ'ዮም ዝምስክሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ግብጺን ኢራንን እቲ ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ዝፍጸም ዘሎ ዓሌታዊ ቅትለትን ግፍዕን ብቕጽበት ደው ክብል ተማሕጺነን። ብፍላይ ግብጺ፡ ኣብ ሓያለ ከተማታት ክፍሉ-ሃገር ሚዛሪ ኣንጻር ናዕበኛታት ዝወሰድ ዘሎ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ደው ክብል ንሰብኣዊ ስልጣን ኣመሪካ ኣትረራ ተማሕጺናቶም ኣላ።

ኮነ ኲናታት ብቐረባ ትከታተሎ ምህላዉ እትገልጽ ግብጺ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ዓመታዊ 1.5 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ንእትምጥወላ ኣመሪካ ከምዚ ዓይነት ወቐሳ ዝሓዘለ ምሕዝነታ ምቕራባ ንሓያለ ወገናት ኣገሪሙ ምህላዋ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ግብጺ ኣብ 2013 ንዝተላዕለ ህዝባዊ ናዕቢ ብሓይሊ ከትህድኦ ድሕሪ ምፍታና ኣመሪካ ተቓውሞኣ ኣሰሚዓ ምንባራ ዘመልከቱ ተዓብቲ፡ ምሕጽንታ ግብጺ ናቱ ግብረ-መልሲ ክኸውን ከምዝኽእል የረድኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ወግዓዊ ልሳን መንግስቲ ቻይና ዝኾነ ኣገልግሎት ዜና ሺንሁዋ፡ "ኣመሪካ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላትን ደሞክራሲን እናልዓለት ብቐጻሊ ንካልኦት ሃገራት ካብ ምውቃስ ኑቲ ኣብ ወሽጣ ዝርአ ዘሎ ጸገማት ክትፈትሕ እንተትፍትን ከንደይ መምሓረላ" ክብል ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ዝዘርግሖ ሓተታ ነቒፉ።

# ዜና ብሓጺሩ

ላይበርያ ካብ ቁጽጽራ ወጻኢ እናኾነ ንዝኸይድ ዘሎ ቫይረስ ኢቦላ ንምግጣም ዝዘይተወሰነ እዋን ዝቐጽል እዋን እቶ እቶ ከምዝኣወጀት ገሊጻ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ከባቢ ርእሰ-ከተማኣ - ሞንሮቭያ ዝኾነ ቡቲ ቫይረስ ከምዝተጠቅዐ ዝተጠርጠረ ሰብ ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ተታሒዙ ክወሸብ ትእዛዝ ኣመሓላሊፋ ኣላ።

ፕረዚደንት'ታ ሃገር ኢለን ጆንሶን ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ እቲ ናይ እዋን እቶ እቶ ኣዋጅ ካብ ምሸት ክሳብ ንግሆ ዝትግበር ኮይኑ፡ ህዝቢ ብዝተኻእለ መጠን ካብን ናብን ምንቅስቓስ ክቈርጽ ምዒዱ። ተሰፋ ዝሁብ መድሃኒታት ክመሃዘሉ ጀሚሩ ምህላዉ ዝንገረሉ ዘሎ ሕማም ኢቦላ፡ ዛጊት ህይወት 1,229 ሰባት ቀዚፉ ከምዝሎ ይሕበር።

***

ደገፍቲ ህቡብ ፖለቲከኛ ኢምራን ካን ዝኾኑ ኣሽሓት ፓኪስታናውያን፡ ብቐዳማይ ሚኒስተር ናዋዝ ሸሪፍ ንዝምራሕ መንግስቲ ፓኪስታን ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ናብ ህንጻ ባይቶ'ታ ሃገር ይምርሹ ከምዝለዉ ተገሊጹ።

እቶም ቡቲ ፖለቲከኛ ተመሪሖም ናብቲ ህንጻ ዝግስግሱ ዘለዉ ብ10ታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ደገፍቲ፡ መንግስቲ ፓኪስታን ብወለንታኡ ስልጣኑ ክሳብ ዘለቅቕ ካብቲ ህንጻ ሃገራዊ ባይቶ ፈጺሞም ከምዘይለቁ'የም ዘጠንቐቑ ዘለዉ።

ኣብ ጸወታ ክሪኬት (ዓይነት ሻኩቲ) ኮኾብ ኣቢሉ ዝነበረ ኢምራን ካን፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብታ ሃገር ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ምርጫ ርኡይ ምድንጋራት ከምዝነበሮ'ዩ ዝወቅስ።

***

ካሜሩን ቡቲ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዘስፋሕፍሐ ዘሎ ሕማማ ኢቦላ ብምስጋእ ኑቲ ምስ ናይጀርያ ዘራኽብ ዶብ ክትዓጽዎ ከምዝወሰነት ኣፍሊጣ።

ኣፈኛ መንግስቲ'ታ ሃገር ትማሊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኢቦላ ናብ ናይጀርያ ኣትዩ ከምዝሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ቫይረስ ካብ ናይጀርያ ናብ ሃገሩ ክሰግር ስለ ዝኽእል እቲ ዶብ ምሉእ ብምሉእ ክዕጾ ከምዝተወሰነ ኣረዲኡ።

# ዒራቕ፡ ኣመሪካዊ ጋዜጠኛ ብዕጡቓት 'ተሰዪፉ'



ካብ ዝሓለፈ 2012 ኣትሒዙ ደዩ ጠፊኡ ዝጸንሐ ጀምስ ፎሊ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ጋዜጠኛ ኣብ ሶርያን ዒራቕን ብዝንቀሳቐሱ ኣኽረርቲ ዕጡቓት ከምእተሰየፈ ፕረስቲቪ ኣፍሊጡ።

እቶም ንሰፊሕ ከባቢታት ዒራቕን ሶርያን ብምቁጽጻር ሓዳስ እስላማዊት ሃገር ማሰራቶም ዝርከቡ ዕጡቓት፡ ኑቲ ኣመሪካዊ ጋዜጠኛ እናሰየፍዎ እንከለዉ ዘርኢ ናይ ቪድዮ ስእሊ ዘርጊሖም ኣለዉ።

እቲ ቅትለት፡ ሕነ ናይ'ቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊኦም ከተካይዶ ጀሚራ ዘላ ጸዑቕ ናይ ነፈርቲ ደብዳብ ምኳኑ ድማ ገሊጾም ኣለዉ። ኣፈኛ መንግስቲ ኣመሪካ፡ እቲ ብቪድዮ ዝተዘርግሐ ቅትለት ሓቂ እንተደኣ ኮይኑ፡ "ናይ ብሓቂ ዘሰካሕክሕን ዘርዕድን'ዩ" ክብል ሓጺር ግብረ-መልሲ ሂቡሉ ኣሎ።

ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ'ውን ኑቲ ስእሊ ደጋጊሙ ከምዝተዓዘቦ፡ እንተኾነ ርእይቶኡ ካብ ምሃብ ተቖጠቡ ከምዝሎ እቲ ብቢ.ቢ.ሲ. ዝተዘርግሐ ዜና የመልክት።

ጋዜጠኛ ጀምስ ፎሊ፡ ኣብ ኣመሪካ ንዝመደበሩ ማዕከን ዜና 'ግሎባል ፖስት' ከምኡ ድማ ንኣገልግሎት ዜና 'ኤጃንስ ፍራንስ ፕረስ' ዜናዊ ጸብጻብ ንምቕባል ካብ 2011 ኣትሒዙ ኣብ ሓያለ ግጭት ማእከላይ ምብራቕ ይኸጥፍ ከምዝነበረ'ዩ ዝንገረሉ።

ንሱ፡ ንኹናት ሓድሕድ ሶርያ ንምስናድ ኣብ 2012 ናብታ ሃገር ድሕሪ ምእታዉ'ዩ ብዙሕ ከይደንጎየ ኣብ ኢድ'ቶም ብኣመራጽነ ሃገራት ኤውሮጳን ዝድገፉ ዝነበሩ ጥሩፋት ዕጡቓት ክኣቱ ዝኸኣለ።